# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.102 ረቡዕ 28 ታሕሳስ 2022 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ናይ መወዳእታ ክስስቲ መጋባእያ ‘ኑረምበርግ’



ገጽ 3
መብጽዓታትን ቅንያት ሓዲሽ ዓመትን




ገጽ 4
ኣገረምቲ ሓቅታት ጸጋታት ባሕሪ



ገጽ 5
ንድፊ ህይወት



ገጽ 7
ስፖርታዊ ውድድራት ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ...



## ሓረስቶት፡ ናብ ምሩጻት ኣዝርእቲ ከድህቡ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣዘኻኺሩ

ሓረስቶት፡ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ምርምራዊ ስርሓት ዝተኻየደሎም ፍቱናትን ምሩጻትን ኣዝርእቲ ተጠቒሞም እቶቶም ከመሓይሹ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ኣዘኻኺሩ።

ካብ 21 ክሳብ 23 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ምምሕዳር ዞባ፡ ኣምባሳደር ዓብደላ፡ መሰረት ናይ'ቲ ክፍጠጥ ዝደለ መደባት ልምዓት ብሓፈሻ፡ ውሕስነት መግቢ ድማ ብፍላይ - ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምግራብ፡ ምክልኻል ብርስነት፡ ምስራሕ ከዘንቲ ማይ፡ ምድንፋዕ ማሕበራዊ ሕርሻ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ናይ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ መሻርኽነትን ኣካላት መንግስትን ግብርን ተሳትፎ ክዕዘዝ ተላቢዩ።

ኣብ'ቲ ገምጋም፡ መስርሕ ህንጸት ዲጋታት ኣይፀቡ ኩዱ፡ ሸናራ፡ ኣጀርበብን ዲቂ-ዝብሩን ልዕሊ 75 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ፣ ብሓደጋ ንኡስ ዕንወት ዝወረዶ ህንጻ ቤት-ትምህርቲ ቃርጋቢል፡ ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሓጋዝን መስመር ረሳሕ ፈሳሲ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎን ድማ ከምእተጸገነ በሪሁ።

ብክረምታዊ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ከምኡ'ውን ብሰራሕተኛታት መንግስትን ህዝብን ብርክት ዝበሉ ዛላታትን ከትሪታትን ከም እተሰርሑን ከም እተጸገኑ፣ ኣብ መደበራት ፈልሲ ደቀምሓረ፡ ጎላጉል፡ ሩባ ዓንሰባ፡ ሓመልማሎ፡ ሓልሓልን ገሉብን ካብ ዝተዳለው ልዕሊ 1.2 ሚልዮን ፈልሲታት፡ እቲ ኣስታት 700 ሽሕ ኣብ ጎቦታት ከም እተተኽለ ተሓቢሩ።

ቤት-ትምህርቲ ከርመድ፡ ባልዋ፡ ምሕሉብን ፍልዳርብን ናብ ካልኣይ ደረጃ፣ ቤት-ትምህርቲ መረት፡ ሃብረንጋቓ፡ ፈንሸበኩን ቤት-ትምህርቲ ጽመማን ከረንን ናብ ማእከላይ ደረጃ ከም ዝዓበያ፣ ኣብ መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን መደብ ዓቕሚ ሰራሕ ኣውን ተገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣታዊታት ሳንዱቕ ልምዓት ምምሕዳራት ከባቢን ከተማን፡ ግብሪ ጥሪትን መሬት ሕርሻን፡ ልምዓት ማይ፡ ኮሚሽን ስፖርት፡ ክራይ ኣባይቲን ካልእ ኣታዊታትን ንምዕባይ ብዝለዓለ ክሰርሑ ዝበልዎን ካልእን ለበዋታት ሓሊፉ።

## ኣባላት ‘ማሕበር ትንሳኤ’፡ ኢደ-ጥበባዊ ስርሓት ንምርኢት ኣቕሪበን

ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃማደኤ ዞባ ማእከል ዝጥርነፉ ኣባላት ማሕበር ትንሳኤ ዝኾና ኢደ-ጥበበውያን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብምኽንያት በዓላት ሓድሽ ዓመትን ልደትን ዘዳለውኦ ኢደ-ጥበባዊ ስርሓት፡ ብ24 ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ - ኣፍ-ደገ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ተኸፊቱ።

እቲ ትሕዝቶ፡ ስራሓት ካይላ፡ ዕንቊን ላኻን ከምኡ'ውን ቅብኣ ዘጠቓለለ እዩ።

ኣወሃሃድቲ ናይ'ቲ ምርኢት፡ ኣብ 2012 ዝተመስረተ ማሕበረን ዓመት መጸኣ ኣብ ወቕቲ በዓላት ሓድሽ ዓመትን ልደትን ተመሳሳሊ ምርኢት ከቕርብ ምጀነሉ፡ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት ግን ብስግኣት ለበዒ ኮሮና ቫይረስ ተቛሪጹ ምጀንሉ ጠቒሰን።




ካብ ተዓዘብቲ፡ ጸቡቕ ምትብባዕን ሞራልን ይረኽባ ምህላወን ድሕሪ ምሕባር ድማ፡ ምስ ህዝቢ ብቐጥታ ዝራኸባሉን ፍርያተን ንመሸጣ ዘቕርባሉን ቦታ ክፍቀደለን ተላብየን።

እቲ ምርኢት፡ ክሳብ 31 ታሕሳስ 2022 ንህዝቢ ክፉት ኮይኑ ከምዝጸንሕ ተፈሊጡ።

## ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ንጥፈታት ምርባሕ ንህቢ ጽቡቕ ይግስግስ

ኣብ ዞባ ደቡብ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት ብዝተገብረ ጻዕሪ ንጥፈታት ምርባሕ ንህቢ ብደረጃ ዕስለታት ንህቢን ኣርባሕትን - ብዓይነትን ብዝሕን ርኡይ ዕብየት ከምዝመዝገበ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ምርባሕ ንህብን ደርሁን ኣቶ ሃብቶ ተኽስተ፡ ቅድሚ ናጽነት ኣብ'ቲ ዞባ ብያታዊ ኣገባብ ዝፍጸም ውሱን ንጥፈታት ምርባሕ ንህቢ ከምዝነበረ ብምጥቃስ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዕስለታት ንህቢ ብዘመናዊ ኣገባብ ናይ ምርባሕ መደባት ስለዘተግበረ፡ ብዞባ ደረጃ ኣስታት 21 ሽሕ ዕስለታት ንህቢ ዘርብሑ 708 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 7,677 ሓረስቶት ከምዘለዉ ገሊጹ።

ኣቶ ሃብቶ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ቀረብን ጠለብን መዓር ዘይመጣጠን ብምንባሩ ዋጋ ኪሎ መዓር ክሳብ 500 ናቕፋ ይበጽሕ ከምዝነበረ፣ ሕጂ ግን ኣብ ቀረብ ምስ ዝመጽእ ዕብየት ብልዕሊ 50 ሚእታዊት ሕቶ ከምዝሎ ብምምልካት፡ ንዚያዳ - ኣርባሕቲ ንህቢ ማሕበራቶም ንምድልዳል ክሰርሑ፣ ፍኑው ኣጠቓቕማ ጸረ-ባልዕ መድሃኒት ብምውጋድ እውን ወሀድ ሚሌታት ከተኣታትዉ ኣዘኻኺሩ።



ኣብ ዞባ ደቡብ 8,508 ዕስለታት ንህቢ ብዘመናዊ፣ 11,646 ብያታዊ፣ 517 ድማ ብጉብላዊ ቆፎታት ይረብሑ ከምዘለዉ፡ ሰነዳት ጨንፈር ሃብቲ እንስሳ ዞባ ደቡብ የረድኡ።

## ዓይኒ ሕንከት ዘይብሉ ስልበጣ

ብኣጉል ትዕቢት፡ ጃህራን ፈኸራን ‘መሬት ኣይትጸርና’ ኢሎም፡ ንምሸቱ ህዝቢ ስኪሞም ስዕረትን ውርደትን ዝኸሰሙ ዓዚዛት (elites) ትግራይ፣ ድሕሪ ውዕል ዕጥቒ ምፍታሕ፡ ኣብ ብኸያትን ምሕርቃም ኣስናንን ወዲቖም፡ ውድቀት ዘስዓበ ገበናቶም ንምኽዋል፡ ኣብ ጸዕቕ ዘሙተ ተጠቒዕና ተወጺዕናን ደርሰብ። ጠቕነኦም፡ ከም ወትሩ ናብ ህዝብታት ኤርትራን ኣምሓራን ዝቐንዐ እዩ።

ዝበዝሑ ዓዚዛት ትግራይ፡ ሕሉፍ ታሪኽ ዝጠንቁ ኣብ ባሕሪትቦዶም ዝኣተወ ሓልኪ ስጠቕነት (Inferiority complex) ኣለዎም፡፡ “ኣምሓራ ትምክሕተኛታት እዮም፣ ኤርትራውያን ይንዕቁና እዮም” ዝብል ዘይምኽኑይ ቃንዥ ምሐር የሳቕዮም፡፡ በዚ ድማ፡ ጽጋብ ክስንዮቖም ከሎ፡ ልዕሊ ሰቦም በሊሖቲን ሓያላትን እናመሰሎም፡ ብዮጉዩይ ቅማረ (miscalculation) ናብ ዘይሰምር ዕንደራ የምርሑ፣ ውርደት ምስ ኸሰሙ ድማ፡ ተጠቃዕቲን ግዳያትን መሲሎም፡ ኩቡዲ ሰብ ክበልዑ ምሕር ይቑዝሙን የልቅሱን፡፡

ሕጥማም ስጠቕነት ዓይኒ ሕንከት የብሉን፡፡ “ትማሊ እንታይ ይብል ነይሩ፣ እንታይ ክፍኣትን ገበንን ብድሆን ፈጺሙ፣ ስለምንታይ ውርደት ገሲሙ?” ኢሉ ኣይግምግምን እዩ፡፡ ተኻኢልን ክፍኣትን ከም ጥበብ፡ እቲ ዝመጾ ግብረ-መልሲ ድማ ከም ገበን'ዩ ዝጥምቶ፡፡ እቲ ዘገርም፡ ብሕጥማም ስጠቕነት ዝሳቐ ንኡብስ ከም ጎሪሕ፡ ካልኦት ድማ ርእሰዕቲን ብቐለሉ ተጠበርቲን ገይሩ ዝሓስብ ምዃኑ እዩ፡፡ ጸየፍ ገበናት ወያነ ግን መን ክርስዖ ይኽእል?

- ኢትዮጵያዊ ወተሃደር ብድቁሱ ዝተሓርደሉን ዝተቐንጸለሉን ከበድን ፈኩሰን ኣጽዋሩ ብዝዩ ወግእ ዝተሓድገሉ፡ ክዳውንቱ ተቐንጠጡ ጥራሕ ዕርቃኑ ብውርደት ዶብ ሃገር ዝሰገረሉ፡ ኣብ ታሪኽ ዓለምና ተራእዩ ዘይፈልጥ ናይ 4 ሕዳር 2020 ክሕደትን ጭካነን ህዝቢን ሰራዊትን ኢትዮጵያ ብቐለሉ ዝርስዕዎ ገበን ድዩ?

- “ባድመ ናትና እያ” ብዝብል ጻዕዳ ሓሶት፡ ጃንዳ ወያነ ብልዕሊ 100,000 ህይወት ኢትዮጵያውያንን ሃብቲ ሃገርን ዝተጣልዓሉ ናይ ኩናት ገበኑ ታሪኽ ኣይመዝገቦን ድዩ? ጃንዳ ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ነበርቲ ኢትዮጵያ ዝፈጸሞ ዘስካሕክሕ ግፍዒን ራሰያን ምስጓግን፣ ብወረር ኣብ ዝሓዞ መሬት ኤርትራ ዝፈጸሞ ክሳብ ምፍሓር መቓብር ስውኣት ዝበጽሐ ነውራም ተግባራት መን ክርስዖ ይኽእል?

- እቲ ጃንዳ ንረብሓ ሓይልታት ግዳም ክኽድም፡ ን20 ዓመታት ተግባረ ብይን ዓንቂጹ፡ ኣብ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝፈጠሮ ኩነት ጽልኢን ተጻብኦን ዘኸሰሮም ግዜን ዕድላትን ማህሰይቱ ቀሊልን ተረሳዕን ድዩ?

- ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሰንኪ ድሑር፡ ዓሌታዊን ኣናፋቲን ፖለቲካ ወያነ ዝወረዶ መቕዘፍቲ፡ ክሳብ ሕጂ ዘስሕኖ ዘሎ ሓዊ፡ ብሰንኪ ግዕዙይን ብልሽውን ምሕደራ ተሰኪምዎ ዘሎ ኣደራዕ ቁጠባዊ ውድቀት፡ ይቕረ ዝበሃሎ ድዩ?

- እቲ ጃንዳ ብቐጥፀ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ስልጣኑ ምስ ተባረረ፡ ኣብ መቐለ ተሸጊጡ፡ ንህዝቢ ትግራይ ብሓሸኸት ጸላኢ ከምእተኸበ ኣምሲሉ ብዕሌታዊ ስምዒት ኣረሳሲኑ፡ “ኩናት ባህላዊ ጸወታና'ዩ” ብዝብል ኣጉል ፈኸራ ኣውሪዱዎ ዘሎ ህልቂትን ዕንወትን ዘየስተውዕሉ ዓሻ ትግራዋይ ኣሎ ድዩ?

ዘኾነ ህዝቢ ምስ ጎረቤቱ ብፍቕርን ሰላምን ክነብር ጸገም የብሉን፡፡ ጸገም ዝፈጥሩ ኩሉ ግዜ ውሑዳት ዕቡዳት እዮም፡፡ ህዝቢ ትግራይ ከም ኢትዮጵያዊ ምስ ኣሕዋቱ ከምኡ'ውን ምስ ጎረቤቱ ህዝቢ ኤርትራ ብሰላም ክነብርን ኣብለጸ ክረብሕን መሰሉ እዩ፡፡ ድሕሪዚ ኩሉ መረር ተሞኩሮ እምበኣር፡ ኣብ ዓዚዛት ትግራይ ዘሎ፡ ህዝቢ ዝለኸመ ሕመም ስነ-ኣእምሮ ትሕተት፡ ምስ ወያነ ናብ ጉሓፍ ታሪኽ ተደርቢዩ ንጥዑይን ንብርን ኣተሓሳስባ፡ ንሰላምን ሓድሕድ ምክብባርን፡ ንዛዓዊ ሰላትን ምትሕብባርን ባብ ክርሕ ይግባእ፡፡ ሕጂ'ውን ካብ ዘሙተ ስልበጣ፡ ሓሶትን ጠቕነን ዝርከብ ረብሓ የለን፡፡

**ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ**

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ናይ መወዳእታ ክስስቲ መጋባእያ 'ኑረምበርግ'

'ስቱትሆፍ' ኣብ ዝተባህለ ስርዓት ናዚ - ጀርመን ሰባት ዝዳጎኑሉ ኣብ ዝነበረ ኾቓጣ ከም ጸሓፊት ኰይና እትሰርሕ ዝነበረት ሰበይቲ፣ ኣብ'ዚ ቕንያት እዚ ካብ መዕቆቢ ሽማግለታት ተጸዊዓ ናብ ቤት-ፍርዲ 'ኑረምበርግ' ቀሪባ ነይራ። ንሳ ኣብ ስራሕ ተቘጺራ ኣብ ዝሰርሓትሉ ግዜ፣ ኣብ'ቲ መዓስከር ኣስታት 10 ሽሕ ኣይሁዳውያንን ካልኦትን ተቐቲሎም ብምንባሮም፣ 'ተሓባባሪት' ተባሂላ እያ ተኸሲሳ ጸኒሓ።

እታ ኣርምጋርድ ፈርከር እትብሃል ጓል 97 ዓመት ከሳሲት፣ ኣብ'ቲ መዓስከር ትሰርሓሉ ኣብ ዝነበረት እዋን፣ ጓል 18 ዓመት ብምንባራ፣ ኣብ'ዚ ቕንያት ኣብ ዝተኻየደ መስርሕ ፍርዲ፣ ኣብ ናይ ትሕቲ ዕድመ ክሱሳት መጋባእያ ውሳነ ከም እተዋህባ ተፈሊጡ። ክስስቲ ኣብ'ቲ ሓደ ዓመት ዝወሰደ መስርሕ ፍርዲ፣ ንዘቕረበላ ሕቶ ከይመለሰት ብስቕታ ከም ዝሓለፈቶ፣ ብዩን ምስ ተዋህበ ግና - ኣብ'ቲ ብናዚ ዝተፈጸመ ግፍዒ ከም እትሓዝን ገሊጻ። ኣብ ዝሰነ ብዘጸንሕ ናይ ክልተ ዓመት ኣመክሮ ' ክፉት ማእሰርቲ' ተፈሪድዋ ድማ፣ ናብ ገዝኣ ተፋንያ። ተኸላኻሊ ጠበቓ፣ ኣብቲ ዝተፈጸመ ግፍዕታት ኣድ ከም ዘይብላን ብናጻ ክትፍኖ ከም ዝግባእን ዝቐረቦ ሕቶ፣ ኣኽብሪ ሕጊ ተቓዊምዎ።



ኣብ'ቲ ከም ጸሓፊት ኰይና እትሰርሓሉ ናይ ጃምላዊ መቕተልቲ መዳገዲ መዓስከር፣ "ተተገፊፎም ዝኣትዉ ኣሽሓት እሱራት ክራገፉ እንከለዉ፣ ብማስኮት ትርኢ ብምንባራ - ኣብ እቶን ክሓርሩ እንከለዉ ከይሸተታ ኣይተርፍን። ስለ'ዚ ኣብቲ ገበን ከም ተሓጋጋዚት ክትሪብራ ይኽእል እዩ" ክብል ኣኽብሮ ሕጊ ተማጒቱ።

ወራሪ ስርዓት ናዚ-ጀርመን፣ ፋሽስት ኢጣልያን ሰራዊት ሃይጺያዊት ጃፓንን ካብ ኣፍሪቃ ክሳብ ኤውሮጳን ርሑቕ ምብራቕን ብሓይልታት ኪዳንን ሰራዊት ሕብረት ሶቭየትን ምስ ተደምሰሰ፣ ኣብ ህዝብታት ዓለም ከቢድ ዕንወት ዝፈጠሩ ገበኛታት ተሓታትነት ክሽከሙ ነይሮምም። ተዓወትቲ ሃገራት ድማ፣ ኣብ ልዕሊ ገበኛታት ኲናት ናይ ፍርዲ መጋባእያታት ተኸለን ነይረን። ንመጻኢ ከይድገምን ትምህርቲ ክኸውንን እንተደኣ ኰይኑ፣ ተሓተትቲ ግድን ክሕተቱን ኣብ መጋባእያ መልሲ ክህቡን ኣለዎም።

ኣብ ውግእ ከመይ ገይርካ ንጸላኢ ከም እትቕትል ዘፍቅድን ዘኽልክልን ሕጊ የለን። ክልኩልን ፍቑድን ኣጽዋራት ግን ኣሎ። ዝማረኽ ወተሃደር ዕጥቂ ስለ ዘራገፈ፣ ከም ሰላማዊ ሰብ ክተሓዝ ከም ዘለዎን ግቡእ ሰብኣዊ መሰሉ፣ ክሕለወሉ ከምዝግባእን እውን ኣብ ውግእ ዝሳተፉ ኩሉ ዝፈልጦን ዝኣምነሉን እዩ። ሰራዊት ሃጺያዊት ጃፓንን ናዚ-ጀርመንን ግና፣ ኣብ ልዕሊ ምሩኻትን ሰላማዊ ህዝብን ከቢድ ጭካኔ ዝመልኦ ግፍዕታት ይፍጽሙ ብምንባሮም፣ መራሕቶም ክሕተቱ ግድን እዩ ነይሩ።

እቶም ንስርዓት ናዚ ዝሰዐሩ ሓይልታት፣ ንሰራዊት ጀርመን እናደምሰሱ ኣብ ዝሓስዎሉ ዝነበሩ ኢጋጣሚታት፣ ኣብ'ቲ ዝኣተውዎ ሃገራት ብወተሃደራት ናዚ ዝተደኰኑ ጃምላዊ መቕተልቲ ዝተዓደሎም መዓስከራት እውን ሓራ የውጽኡ ነይሮም እዮም። ኣብቲ እዋን ውግእ፣ ከም ናይ ሎሚ ብዙሕ ማሕበራዊ መራኸቢታት ስለ ዘይነበረ፣ ስርዓት ናዚ፣ ዓሌት ኣርያን ዘይኰኑ ህዝብታት ንምጽናት ዝገብሮ ዝነበረ ወፍሪ፣ ብዙሕ ኣይሰማዕን ነይሩ።

ስርዓት ናዚ-ጀርመን "ናይ ሓዋሩ ፍታሕ" ብዝበሎ ፍልስፍና፣ ኑቶም ዓሌት ኣርያን ዘይኰኑ ከም ኣይሁድን ሮማን ካልኦት ዓሌታትን ብምጽናት፣ ንኤውሮጳ ክጽሪ ፈቲኑ እዩ። ኣብ'ቲ ብምልያናት ዝቖጸር ሰላማዊ ህዝቢ ዝተጨፍጨፈሉ ወፍሪ ኑቲ ስርዓት ዘይድግፉ ምሁራትን ኣባላት ማሕበራት ሃይማኖትን እውን ብጃምላ ተቐቲሎም እዮም።

ሰራዊት ሓይልታት ኪዳን፣ ኑቲ ሚዛን ሓይሊ ቀይሮም ንሰራዊት ናዚ እናደምሰሱ ሃገራት ሓራ ኣብ ዘውጽኡሉ ኩነታት፣ ኣስታት ሓደ ሽሕ ዝኣክል መዓስከራት ጃምላዊ መቕተልቲ ሓራ ከውጽኡ ክኢሎም። እቶም ዝተገፉ ዘይኣርያን ዓሌታት ብጥይት እናተረሸኑ ክቕተሉን ኣብ ጋህሲታት ክንሓሩን ዝተጀመረ መደብ - ግዜ ዝወሰደ ስለዝነበረ፣ ኣብ መዓስከራት ኣኪቡካ ብጃምላ ብሰሚ ጋዝ ምቕታል ዝሓሸ ኣማራጺ ኰይኑ ረኺቦምዎ። ብኸምዚ እምበኣር፣ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ኣይሁዳውያንን ዓሌት ሮማን ከም እተቐትሉ መዛግብቲ ይሕብሩ።

ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ፣ እዚ መምርሒ እዚ ዝሀቡ ዝነበሩ ጀርመናውያን ክሕተቱ ነይሮምም። ስለዝኾነ፣ ድሕሪ ምህዳእ እቲ ውግእ ክማረኹ ዝኸኣሉ ላዘዝትን ሰበስልጣንን ጀርመን፣ ናብ'ቲ ዝተዳለወሎም መጋባእያታት እናቐረቡ ፍርዶም ተቐቢሎም። ሓያሎ ካብኣቶም ማሕነቕቲ ተበዪኖሎም ብሞት ተቐጺዖም። ብዙሓት ድማ ናብ ሃገራት ላቲን ሃዲሞም።

## ኣብ ሃገራት ላቲን ዝተዓቑቡ ኣባላት 'ናዚ' ይህደኑ

ድሕሪ ፍጻመ ካልኣይ ውግእ ዓለም፣ ብኣርባዕተ ተዓወትቲ ሃገራት ዝቖመ ብ'መጋባእያ ኑረምበርግ' ዝፍለጥ ተኸፊታታሊ። 13 መስርሕ ፍርዲ ተኻይዱ። ዳርጋ ኣብ ዝበዝሐ ክፋል ዓለም ተባሪዑ ዝነበረ ኲናት፣ ንዝተፈጥረ ህልቂት ህዝብን ዕንወት ሃገራትን ብቐጥታ ብገበናት ውግእ ተሓተትቲ ዝተባህሉ 200 ጀርመናውያን ናብ ፍርዲ ቀሪቦም ነይሮም። ኣዶልፍ ሂትለርን ክልተ ላዕለዎት ተሓባበርቱን ግና፣ ብርእሶቅትለት ህይወቶም ኣጥፊኦም።

ኣብ ስርዓት ናዚ ዝለዓለ መዓርግ ዝነበሮም ላዕለዎት ኣዘዝቲ፣ ኣመሓደርትን ኣብ'ቲ ህልቂት ክቱር ጭካኔ ብምርኣይ ዝተሳተፉ ሓላይምን ናብ ፍርዲ ቀሪቦም። መጋባእያ ኑረምበርግ - ገበናት ኲናት፣ ገበናት ጸረ-ሰላም፣ ገበናት ጸረ-ደቂ ሰብን ዝብሉ ሰለስተ ዓይነት ገበናት ብምንጻር ክሲታት መስሪቱ።

ካብቶም ላዕለዎት ክሱሳት 12 ብሞት ክቕጸዑ ተፈሪዶምም። ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ዝነበረ ሄርማን ጎሪንግ፣ ገመድ ኣብ ክሳዱ ክኣቱ ከም ዝይደሊ ብምግላጽ፣ ሓቢእዎ ዝጸንሐ ሰሚ ወሒጡ ሞይቱ ስለዝሓደረ፣ እቶም ካልኦት ተመሳሲ ስጉምቲ ምእንቲ ከይወስዱ፣ ተቖላጢፎም ከም ዝሰቐልዎም ጸብጻባት ይሕብሩ። ቅድሚ ምምቶም ስርዓት-ንስሓ ክገብሩ ምስ ዝምልከቶም ካህናት ክራኸቡ ተፈቒዱሎም ነይሩ።

ካብ'ቶም ዝተረፉ እውን ሓያሎ ካብ 10 ዓመት ክሳዕ ሕልፈት ዝተፈርዶም ነይሮም። ኣብ ርሑቕ ምብራቕ ድማ ሰራዊት ጃፓን ኣብ ልዕሊ ዝማረኾም ወተሃደራት ዝፍጽሞ ዝነበረ ግፍዒ መሰረት ዝገበረ ክሲ፣ "ህይወት ኣብ ክንዲ ህይወት" ብዝብል ፍርዲ ይደቃቐስ ነይሩ። ንምሩኻት መገቢ ብምኽልኣ ኣማሲኖም ዝቐተሉን ምሩኽ ኣዝቢርኪኾም ብሴፍ ርእሲ ዝቖረጹን ዝበሩ ጨካናት መኰንናት ጃፓን፣ ብመሸንቆቓ ገመድ እናተሓንቁ ሕሳብ ከፊሎም።

ሃገራት ኤውሮጳ እውን፣ ምስ ስርዓት ናዚ ተሓባበርቲ ዝተባህሉ ክሱሳት ናብ ፍርዲ ዘቕርብ መጋባእያታት ከፊተን፣ ብዩን ይህባ ነይረን። ኤውሮጳ ዝዓነወ ቁጠባኣን ከተማታታን ናብ ምህናጽ ኣተኪሮ ክትጀማምር እንከላ፣ ካብ ምጽናት ዝሰረሩ ኣይሁዳውያን ናብ ፓለስታይን ብብዝሒ ይውሕዙ ነበሩ። ኣብ 1948 እስራኤል ከም ሃገር ድሕሪ ምምስራታ፣ ኣብ ልዕሊ ኣይሁዳውያን ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ዝፈጸሙ ኣባላት ናዚ ሃድን ጀሚራ።

ሓያሎ ካብ'ቶም ዝተሰወሩ ሰበስልጣን ስርዓት ናዚ፣ ናብ ኣርጀንቲና፣ ቺለን ብራዚልን ካልኦት ሃገራት ላቲንን ክኣትዉ ክኢሎም። ኣብ ኣርጀንቲና ዓቢ ማሕበረ-ኮም ጀርመናውያን ብምህላው፣ ናብ'ቲ ህዝቢ ብቐሊሉ ክተሓዋወሱ ዝኸኣሉ መኳንንቲ ናዚ ነይሮም። ኣብቲ እዋን መራሒ ኣርጀንቲና ዝነበረ ህዋን ፒሮን ዝሃድሞ ኣባላት ናዚ ዝሰጋገሩሉ ሕቡእ "መንገዲ ኣናጹ" ዝተባህለ ስርሒት ፈጢሩ የእትዎም ነይሩ።

ኣገዳሲ ብዙሕ ደጋፊ ናዚ ዝነበረ ህዝቢ ኾኑ ካብ ጀርመን ተጋሒጡ ናብ ኣርጀንቲና ኣተው። ሂትለር እውን ተሃዲኑ ህይወቱ እንተዘይኣጥፊኡ ነይሩ፣ ካልእ ሰብ መሲሉ ስም ቀይሩ በቲ ሕቡእ መሳገሪ ኣቢሉ ናብ ኣርጀንቲና ወይ ናብ ዝኾነት ላቲናዊት ሃገር ክኣቱ ምኸኣለ ዝብሉ ኣለዉ።

ቀንዲ ተደላዪ ኣባል ናዚ ኣዶልፍ ኢኽማን፣ ካብ ጀርመን ወጺኡ ኣብ ላቲን ኣመሪካ ሰላማዊ ናብራ ጀሚሩ ነይሩ። ሪካርዶ ክለመንት ብዝብል ስም ኣብ ከተማ ቦኑኣይረስ ከም መካኒክ ኰይኑ ምስ ስድራኡ ናብራኡ እናመርሐ እንከሎ፣ ሃደንቲ እስራኤላውያን ረኺቦምዎ። ኢኽማን 'ናይ መወዳእታ ፍታሕ' ዝበሎ ንህልቂት ኣይሁድ ዝተኣወጀ ትእዛዝ ዘሃንደሰ፣ ካብ ሃገራት ኤውሮጳ ናብ መዳገዲ መዓስከራት ዝግበር ዝነበረ ጉዑዝ ዘዋደደን ኣካይዲ እዩ ነይሩ። ስለዚ እስራኤል፣ ኣፍዓዚ ሃገር ገይሮም ምስ ኣሰርዎ፣ ዝተጸልኦ ናይ መንገዲ ኣየር ሰራሕተኛ ኣምሲሎም ብመንገዲ ኣየር እስራኤል (ኣል ኣል) ኣውጺኦምዎ። ኣብ እስራኤል ምስ ኣተወ ተበራቢሩ - ኑቡሱ ብኣይሁዳውያን ተኸቢባ ረኺቡዎ። ኣብ 1962 ድማ ብማሕነቕቲ ተቐጺዑ።



ብክቱር ጭካነኡ 'መልኣኽ ሞት' ዝብል ሳጓ ዘትረፈ፣ ካብ'ቶም ኣዝዮም ንጡፋት ኣባላት ናዚ ሓደ ዝኾነ ዶክተር ጆሰፍ መንገለ እውን፣ ናብ ላቲን ኣመሪካ ክኣቱ ክኢሉ ነይሩ። ጸኒሑ ግዱ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ስም ቀይሩ ከም መሃዚ እናተሓብኣ ይሰርሕ ከምዝሎ እኹል ሓበሬታ ተረኺቡ። እንተኾነ፣ ኣርጀንቲና ቀልጢፉ ከይትሕዞ ኣዕጠጦዩ። ኣብ ፍርዲ ከይበጽሐ ድማ፣ ኣብ ባሕሪ ጥሒሉ ከም ዝሞተ ተገሊጹ።

ዶክተር መንገለ፣ ኣብ'ቲ መዓስከራት ንእሱራት ብዘሰቅቕ ኣገባብ እናጠቡበሓ - ብፍላይ ኣንስትን ህጻናትን እናሰዐሮ እንከለዉ ፈተነታት የካይድ ምንባሩ ይሕበር።

ኣብ ጀርመን ካብ ምርኮ ኣምሊጦም ብሓገዝ ኣሰርቲ ናብ ሃገራት ላቲን ካብ ዝኣተዉ - ኮለኔል ራወፍ ይርከቦም። ብጭካኔኡ ዝፍለጥ ኮለኔል ራወፍ፣ ንእሱራት ብቐጥታ ብሽጉጥ ብምቕታል እዩ ዝፍለጥ። ሕቱም ኮንተይነር ኣብ መኪና ብምግጣም ናይ ትኪ ቱቦ ተዓጺፉ ከም ዝኣቱ ይገብር። እታ መኪና ኣብ ዝተደልየ ጋሀሲ ምስ በጽሐት፣ ኑቶም ብሕጽረት እስትንፋስ ዝሞቱ የራግፎም። ብኸም'ዚ ንኣስታት 100 ሽሕ ሰባት ብምቕታሉ፣ ንሱ ኣብ ዘይብሉ ተኸሲሱ ነይሩ።

ከም'ቶም ካልኦት ናብ ሃገራት ላቲን ከይተታሕዘ እዩ ብሰላም ሰጊሩ። ኣብ 60ታት ናይ ጥሮታ መሰሉ ክሕለወሉ ናብ ሓይሊ ባሕሪ ጀርመን ብዘጸሓፎ ደብዳቤ ኣብ ቺለ ከም ዘሎ ተፈሊጡ። መንግስቲ ቺለ ክኣ ክጥርዞ ኣይፈቐደን። ኣብ 1984፣ ብሕማም ሞይቱ ክቕበር እንከሎ፣ ደገፍቲ ናዚ ዝኾኑ ሰባት - ናይ ናዚ ሰላምታ እናሃቡ ኣፋንዮምዎ።

ተሰዊሮም ሃለዋቶም ዝተኸወሉ ኣባላት ናዚ ኣዝዮም ብዙሓት ክኾኑ እንከለዉ፣ ሃዳኒ ናዚ ተባሂሉ ዝጸዋዕ 'ሲሞን ዊዘንታል' ዝተባህለ እስራኤላዊ፣ ሓያሎ ክረኽብ ምኽኣሉ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ኣብ'ዚ ቕንያት እዚ፣ ኣብ ጀርመን ዝተታሕተት ጓል 97 ዓመት ሰበይቲ እምበኣር፣ ኣብ ዝሓለፈ 75 ዓመታት - ቅድሚኡ ተታሒዞም ዝተፈርዱ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣባላት ስርዓት-ናዚ ከም ዘለዉ እተዘኻኽር እያ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ጸጋታት ባሕሪ

## ኣገረምቲ ሓቅታት ጸጋታት ባሕሪ

ኢ.ንጂነር መዋእል ደበሳይ

### ዝናብ ዓሳታት

ኣብ ዝሓለፈ.100 ዓመታት "ዮሮ" ዝተባህለት ኣብ ሆንድራስ እትርከብ ከተማ ዘይልሙድ ኩነታት ኣየር ምርኣይ ልሙድ ገይራቶ ኣላ። እዚ ዘይልሙድ ኩነታት ኣየር መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ወርሓት ግንቦትን ሰነን ዘጋጥም ኩይኑ "ናይ ዓሳ ዝናብ" ዝበሃል ስያመ ዝተዋህቦ እዩ። ኣብ እዋን ከበድ በርቅን ነጎዳን ዘሰዕቦ ብርቱዕ ዝናብ ድማ፡ ብኣማኢት ዝቖጸሩ ዓሳታት ካብ ሰማያት ናይታ ከተማ ይዘንቡ። ከምዚ ዓይነት ኣጋጣሚታት ካብ ዝርኣዩ ነዊሕ ዓመታት'ኳ እንተኣቑጸሩ፡ እቶም ንዕኡ ኣመልኪቶም ዝተዋህቡ ሳይንሳዊ መግለጺታት ግን ውሑዳት እዮም። እቶም ዝጠዝሉ መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ ናይ ዓሳ ዝናብ ብምኽንያት ብርቱዕ ህቦብላ ብመንገዲ ማይ ባሕሪ ዝሓልፍ፡ ኑቶም ደቀቕቲ ዓሳታት ተሰኪሙ ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ስለዘድርብዮም እዩ ይብሃል። እንተኾነ ግን እዚ ህቦብላ እዚ ኑቶም ዝጠቕሰናዮም ደቀቕቲ ፍጡራት ንሓጺር ርሕቀት እዩ ዝወስዶም። ስለዚ ድማ እቶም ተጋሒጦም ዝመጽኡ ናይ ባሕሪ ፍጡራት ካብቲ ዝቐረበ ማያዊ ኣካል እዮም ዝመጽኡ። ዓብይቲ ነበርቲ እታ ዓዲ ግን ኣንጻር እዚ ክበሃል ዝጸንሐ ሳይንሳዊ መግለጺታት ይኣምኑ፡ ንሱ ድማ ናይ ዓሳ ዝናብ ከም ካብ ፈጣሪ ዝመጽአ ምረቓ ይወስድዎም። መበገሲኡ ድማ ኣብ 1860'ታት "ኣባ ማኑኤል ሳብሪና" ዝተባህለ እስጳኛዊ ሚስዮናዊ ኑታ ከተማ ኣብ ዝበጽሓሉ ዝበረ እዋኑ፡ በቲ ብዓይኑ ዝርኣዮ ከቢድ ጥሜትን ድኽነትን ናብ ፈጣሪ ብዘበርኦ ጸሎትን ልማኖን እዩ ዝኸሰተ ዝበሃል እዩ።

### ፒያኖ ባሕሪ

ናይ ባሕሪ ፒያኖ፡ ድምጺ ናይቲ ማዕበል ብውሕልነት ኣብ ገምገም ባሕሪ ኣብ ዝጻልበሉ ምሉእ ወናኒ ኣብ ዕዛመ ዘለቱ ኩይኑ፡ ልክዕ ከም መሳጢ ፍቕራዊ ዜማታት ክየገለጽ ይኽእል። እዚ ናይ ባሕሪ ፒያኖ ኣብ ገምገም ባሕሪ ክሮኤሽያ ዝርከብ 72 ሜትሮ ዝንውሓቱ መሳርሒ ኩይኑ ንምንቅስቓስ ባሕሪ ተጠቒሙ ንኽትሰምዖም ኣዝዮም ባህታ ዝፈጥሩ መዘቃታት ዘድህይ እዩ። ፒያኖ ባሕሪ ዝተመስረተሉ ኣብ 2005 ዓ/ም ኩይኑ፡ እዚ ከኣ፡ ድሕሪ ምህናጽ ሓድሽ መዐሸጊ ዓበይቲ ናይ ቱሪስት መራኽብ ብኣርክቴክት "ኒኮላስ ባሲ" እዩ። ብሳዕሲ ክትዕዘቦ ከለኻ እቲ ፒያኖ ሓደ ዓቢ ናይ እምንዘበረድ ኣስካላ ምስሊ ዝሓዘ ኩይኑ፡ ገለ ክፋሉ ናብቲ ገምገም ባሕሪ ዝኣተወን ብትሕቲ እዚ ናይ እምንዘበረድ ኣስካላ ከኣ ማዕረ ዝርገሐ ዘለዎም ጸቡብቲ መትረብ ምስ 35 ናይ ፒያኖ ቱቦታት ይርከብዎም። እዞም ናይ ፒያኖ ቱቦታት ምስ 5 ብዝተፈላለየ ቅኒታት ናይ ዝተዋሃሃደ ዜማ ዝተሰርዑ ኩይኖም፡ ብርቱዕ ማዕበል ኣብ ዝመጽኣሉ እቲ ካብኡ ዝፍጠር ንፋስ ባሕሪ በቲ መትረብ ኣብሉ ናብቶም ፒያኖታት ይበጽሕ እሞ ሓደ ድምጺ ይፈጥር። በጺሕቲ እቲ ቦታ ከምዝበልዎ፡ እቲ ዝፍጠር ድምጺ ኣብ ኣእምሮኻ ደጋጊሙ ዝመላለሰን ኣዐንዛዚ ረምታ ዘለዎን እዩ። እዛ ናይ ባሕሪ ፒያኖ፡ ኣብ 2006፡ ኣብ ሓደ መድረኽ ሽልማት ናይ ኤውሮፓ ተዓዊታ ኒይራ። ምኽንያቱ ኣብ እዋን ዕራርቦ ናይ ጸሓይ ኣብ ገምገም ባሕሪ ባዕሉ እቲ ባሕሪ ብዘደንቕ መዚቃ ከጸውተካ መን ዘይሃርፍ።

### ዕደና ጨው ከም መድሃኒት

ዩክሬናውያን ኣብ ባህላዊ እምነታት ዝተመርኩሰ ኣገባብ ኣፈዋውሳ ሕማማት ሰርዓት ምስትንፋስ ከም ዝለዎም ትፈልጡዶ? ንሱ ድማ ኣብ 300 ሜትሮ ትሕቲ መሬት ዘይተበከለ ናይ ጨው ዕደና ብምኹዓት ዝተዳለወ ናይ ፍወሳ ማእከል ኣለዎም። በዚ መሰረት፡ ካብ ሕማም ቁጥዐ እትሕክም ሆስፒታል ዝተለኣኹ፡ ምስ ሕማም ሳምቡእን ምስ ስርዓተ ምስትንፋስን ዝተኣሳሰር ሕማማት ዘለዎም ሰባት ናብ'ቲ ጸልማትን ረሑዲ ዝጠዝሑን ገሊርያ ከም ዝሰዱ ይግበር። ኣብ'ቲ ገሊርያ ዝርከብ ጨው ዝጠዝሐ ኣየር ድማ፡ ዝተፈላለየ ማዕበሰቲ ናይ ምስትንፋስ ክፍውስ ከምዝኽእል ከኣ ልዑል እምነት ኣለዎም። እዚ ብናይ ጨው በዓቲ ፍወሳ ዝፍለጥ፡ ኣብ 1950 ዓ/ም "ፊሊክስ" ብዝተባህለ ሓኪም ዝተዳህሰሰ ኩይኑ፡ እቶም ብሕማም ቲቢ ዝሳቐዩ ዝበሩን ከምኡ ድማ ናይ ስርዓተ ምስትንፋስ ከቢድ ቃንዛ ዝበርዎም ዓደንቲ ጨውን ኣብ ወሻጢ'ቲ ናይ ጨው በዓቲ ምስ ኣተዉ ዝርኣይዎ ለውጢ እዩ ተዓዚብዎ። እዚ ዓይነት ፍወሳ እዚ ኣብ ማእከላይን ምብራቓን ኤውሮፓ ግሩን እኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ካልእ ክፍሊ ዓለም ግን ፍሉጥ ኣይኮነን።

### መጻምድቲ ኣንግለርፊሽ (Anglerfish)


ተባዕትዮ ኣንግለርፊሽ ፍቕሪ ኣብ ዝደልዩሉ እዋን ኑቲ ኣብ ጅር እተመርኩሰ "ፌሮሞን" ዝተባህለ (ሓደ እንስሳ ንኻልእ ሓደ ዝጅሩ እንስሳ ንምስሓብ ዝለዞ ከሚካላዊ ምልክት) ካዩ ይስዕቡ። እታ ኣንስተይቲ ድማ ኑቲ "ባዮሉሚኒሰንት" ዚብሃል ማሳድዒኣ ብምንጽብራቕ፡ ብዘይዳ መጻምድቲ ኣብ ምንዳይ ትሳጥፍ። እቲ ተባዕታይ ብቐዕ መጻምድቲ ምስ ረኸበ ኣብ ከብዳ ይነክስ እሞ ቆርበቶምን ሰራውር ደሞምን ብሓደ ይተኣሳሰር። እዚ ኸኣ ኑቲ ተባዕታይ ካብ ደም እታ መጻምድቱ ዘድልዮ ኸሉ መግቢ ንኽወስዶ የኽእሎ። እቶም ክልተ ዝበሩ ዓሳ ድማ ሓደ ይኾኑ። ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ኣካላቱ ምስ ኣካላታ ስለ እተላገቡ ከም ምርኣይ፡ ምሕምባስ ወይ ከም ዓሳ ምብላዕ ዝኣመሰለ ዘይተርፉ መዓልታዊ ንጥፈታት ናይ'ቲ ተባዕታይ ዓሳ ኣየሸግሮን እዩ። ኩሉ ንኣካላቱ ዝደልዮ ካብታ ኣንስተይቲ ተንጠልጢሉ ዝወስዶ ክስዕ ዝኸውን እቲ እኹ ሰራሕ እቲ ጽግዑተኛ ዓሳ፡ እታ ኣንስተይቲ ዓሳ ክትፋረ ኣብ እትዳለወትሉ እዋን ዘርኢ ምቕራብ ጥራይ ይኸውን። እንተኾነ ግን እዚ ኣብ መንጎ ጾታታትን ጽግዑተኛታት ሓሳኹን ዘሎ መስርሕ ምጽማድ ኣብ ኩሉ ኣንግለርፊሽ ይርከብ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ካልእ ክፋል ኣብ ምሉእ ህይወቶም ብናጻ ዘሕምብሱ ብርእሶም ክዛደጉ ዚኽእሉ ከምኡ'ውን ምስተን ኣንስትዮ ንግዚኡ ጥራይ ዚፋረዩ ተባዕትዮ ኣለው። ስለዚ ኣብ'ዚ መስርሕ መውሰቦ'ዚ፡ ወትሩ ብዘሎ ኣንግለርፊሽ ንኽህልዉ፡ እቲ ፍልይ ዝበለ ናይ መጻምድቲ ጽምብል ኣድላዪ ይኸውን። ንዓና ድማ ተፈጥሮ ካብቲ ክንዮምቶ እንኽእል ንላዕሊ ስሞገንጠራዊ ነገራት ዝሓቖፈ ምኻኑ የዘኻኽረና።

### ፍወሳ ቃጸሎ ብቖርበት ዓሳ

ብራዚላውያን ሓካይም ብቖርበት "ቲላፒያ" ዝበሃል ዓይነት ዓሳ፡ ኣብ ፍወሳ ቃጸሎ ኣካላት ወዲሰብ ንምውዓሉ ኣብ ምርምር ደርከቡ። ብልምዲ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ንግዳያት ቃጸሎ ሓዊ በቲ ኣብ ቆርበት ናይ ሓሰማ ወይ ድማ ሰብኣዊ ኣካሊት (tissue) ዝርከብ "ኮላጅን" ዝተባህለ መዝሓሊ ፕሮቲን ገይሮም እዮም ዝፍውስዎም ኒይሮም። ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ቃጸሎ ኣዝዩ ኣቐንዛውን ምስ ግዜ ናብ ኣካላትና ኣስፋሕፊሑ ሞት ከስዕብ ዝኽእልን እዩ። ኑቲ ዝጥቀሙሉ ዝበሩ ዝተፈላለየ መስርሕ ፍወሳ ቁርበት ናይ ሓሰማ ወይ ድማ ሰብኣዊ ኣካሊት ናብ ከሚካላዊ ክሬም ንኽቕየር፡ እቶም ጉጅለ ካልእ ኣማራጺታት ኣናደዩ። ገለ ካብዚ ኸኣ ቁርበት ቲላፒያ ኩይኑ ኣብ ቁርበቱ ምርምር ኣብ ዝገበሩሉ ዘይተጸበይዎ ነገር ረኸቡ። ኣብ'ቲ ትካል ናይ ቃጸሎ ክኢላ ዝኾኑ ዶ/ር ኤድማር ማሲያል ኑቲ ዝረኸብዎ ወጽኢት ከምዚ ክብል ይገልጾ - "ዋላ'ኳ ኣካሊት (tissue) ምጥቃም ኑቲ ናይ ምሕዋይ መስርሕ ከቀላጥፎ ዝኽእል እንተኾኑ ቀጐጻሪ ናይቶም በሰላ ንምፍዋስ ኣዝዮም ኣድላይቲ ዝኾኑ 1ን 3ን ዓይነት ፕሮቲን ኮላጅኑ ካብ ኣብ ቁርበት ሰብን ሓሰማን ንላዕሊ፡ ኣብ ቁርበት ቲላፒያ ብብዝሒ ከም ዘሎ ምስ ረኣና፡ ዓቢን ዘይተጸበናዮን ነገር እዩ ኒይሩ። ስለዚ፡ ቲላፒያ ኣብ ውሑይዝን ሕርሻታት ዓሳን ዝርከብ ልሙድ ዓሳ ኩይኑ፡ ኣብ ፍወሳ ቃጸሎ ቁርበት ብቐሊሉ ከም እትሕከም ዝገበር ኩይኑ ረኺብናዮ ኣለና።"


ዕደና ጨው ከም መድሃኒት


ዝናብ ዓሳታት


መጻምድቲ ኣንግለርፊሽ


ፒያኖ ባሕሪ


ፍወሳ ቃጸሎ ብቖርበት ዓሳ

ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

## ንድፊ ህይወት

**“ንናይ ገዛእ ርእሰኻ ውጥን ህይወት ንድፊ እንተ ዘየውጺእካ፡ ኣብ ናይ ካልኦት ሰባት ውጥን ክትወድቕ ዘሎ ዕድል እቲ ዝለዓለ እዩ።” - ጂም ሮን**

**“ካብ ሕሉፍ ተማሃር፡ ኣብ ህሉው ንበር ከምኡ’ውን ንመጻኢኻ ፍጠር።” - የኤል ብራውን**

ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣብ እተፈላለየ መጽናዕቲ፡ መብዛሕትኦም ሰራሕተኛታት ኣብ ስራሖም ዕጉባት ከም ዘይኮኑ እዮም ኣንጸባሪቖም። ንኣብነት፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ እተኻየደ ተመሳሳሊ መጽናዕቲ፡ ክልተ ሰሶ ኣብ ስራሖም ሕጉሳት ከም ዘይኮኑ ተረጋጊጹ። እቶም 15 ሚእታዊት እሞ ኸኣ ንስራሖም ዝጸልኡ እዮም።

ንገለ ሰባት፡ “ዕዉት እንተ ደኣ ኼንካ፡ ሕጉስ ክትከውን ኢኻ።” ዝብል ግጉይ እምነት ኣለዎም። እቲ ቐንዕ ኣበሃህላ ግና “እቲ ናይ ብሉጽ ሓጎስ፡ ኣጥኻ ዝሰርሕ ንድፊ (design) ህይወት ብምውጻእ እዩ ዝርከብ።” ዝብል እዩ።

ብዙሓት ሰባት ኣብ ህይወቶም ሕጉሳት ከም ዘይኮኑ፡ ሓያሎ መጽናዕትታት ዝሓበርዎ ሓቂ እዩ። ገለ ካብኦም ዘይሕጉሳት ሰባት፡ ብኸመይ ዚ ህይወቶም ክልውጡ ከም ዝኽእሉ ሕርብት ይብሎም። ገለ ካብኣቶም ህይወቶም ክልውጡ ድሌት ኣለዎም። እቲ ለውጢ በየን ክጅምርዎ ከም ዘለዎም ግዳ ዘኸሉ ኣፍልጦ የብሎምን። “ኦሮማይ ንኽልወጥ ግዜ ዝሓለፈ እኮ የብለይን።” ዝብሉ ሰባት የጋጥሙና እዮም።

ኣብ ህይወት ኦሮማይ ግዜ ሓሊፉ፡ እዩ ዝብሃል የለን። ነቲ ንሽኻ እትፈትዎ ህይወት፡ ንድፊ ከተውጽኣሉ ኩቶ ግዜ ክሓጽረካ ኣይክእልን እዩ።

ነደፍቲ (designers) ጸገማት ይፈትዉ እዮም። ኣብ ከባቢኻ እስከ ተዓዘብ፡ ንገዛኻ ወይ ቤት ጽሕፈትካ ጸቡቕ ገይርካ ተዓዘቦ። እቲ ኮፍ እትብለሉ መንበር፡ እታ ሓዚኻያ ዘለኻ ሞባይል፡ እታ እትጽሕፈሉ ዘለኻ ኮምፒዩተር … ነፍሲ ወከፍ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ብገለ ሰባት እተነድፈ እዩ።

ነፍሲ ወከፍ ንድፊ ፍሙጽ ብጸገም እዩ ዝጅምር። ሞባይል ክመሃዝ ዝኸኣለ እተን ቀወምቲ ቴለፎን ጸገም ስለ ዘለወን እዩ። ጸገም ኤለትሪክ ኬጋጥም ስለ ዝኽእል እዩ ላፕ ቶፕ ንኣሰታት ሓሙሽተ ሰዓታት ብባትሪ ከም እትሰርሕ እተገብረት።

ቡንባ ማይ ክሳብ ቀጽሪ ገዛና ከም ዝኣቱ እተገብረ ጸገም ስለ ዘሎ እዩ። ኮልጌት እተማህዘ ብምኽንያት ጸገም እዩ። መንበር ዝተማህዘ ገለ ሰባት ንጸገም ክፈትሑ ስለ ዘንቀዱ እዩ። ኣብ ከውሒ ወይ መደብ ኮፍ ምባል ምቹእነት ዝሀብ ኣይኮነን። ዓራት እተማህዘ ብምኽንያት ጸገም እዩ። ኣብ ንእዲ ወይ ኣብ ባይታ ምድቃስ ክሳብ ክንደይ ኩርኳሕ ምኳኑ ንኽትግምቶ ዘጸግም ኣይኮነን።

ነደፍቲ፡ ንስነ ጽባቐ (aesthetics) ንዳመታት እዮም ዘጋንዕዎ። ብኸምኡ እዩ ኸኣ፡ ስነጽባቐ ብገለ ሽነኹ ብምኽንያት ጸገም እዩ ተፈጢሩ ክምኡ’ውን ብምኽንያት ኣብ ዝኸኑ ክፉል ዓለም ዝርከብ ሓደ ኑዳፊ ወይ ጉጅለ ነደፍቲ ነቲ ጸገም ንምፍታሕ ተበግሶ ስለ ዝወሰዱ እዩ ተኣልዩ።

እቶም እንኹብረሎም፡ እንሰርሓሎም ከምኡ’ውን እንጸውተሎም ኩሉም



እቲ ናይ መውዳእታ ጸገም ንድፊ ዝኸውን፡ ስነ ጽባቐ ንስምዒት ደቂ ሰብ የጎትት — ስምዒታት ክኮተቱ እንክለዉ። ድሙ፡ ምሕሳብ ንድፊ እቲ ዝበለጸ መሳርሒ ፈታሒ ጸገም ምኳኑ ተረጋጊጹ ኣሎ።

ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ መማህራን ኮለጅ፡ ነቶም ካብ ኮለጅ ተመሪቖም ዝወጹኡ ተማሃሮኦም ኣብ ምሕጋዝ ከም ዘጸገሙ ባዕሎቶም ዝገልጽዎ ሓቂ እዩ። ንሶቶም ተማሃሮኦም ናብ ስራሕ ዓለም ክዋፈሩ እንክለዉ፡ ኣፍረይቶትን ሕጉሳትን ዜጋታት ክኾኑሎም እዩ ባህጎም። ነቲ ኣብ ቅድሚኦም ዘጸንሖም ናብራ ብዓወት ምእንቲ ክሰግርዎ፡ ገለ ነገር ክሕግዞም ይደልዩ። ዚ ፍሉይ ጸገም ኣብ ምፍታሕ እቲ ዝሓሸ መንገዲ፡ ንድፋዊ ኣተሓሳስባ (design thinking) ምኳኑ ኣማእዚኖም ይፈልጥዎ እዮም።

ንህይወትካ ምንዳፍ ከም ዓቢ ድንድል ምህናጽ፡ ንጹር ሸቶ ዘጠቓልል ኣይኮነን። እቲ ዝድለ ውጽኢት እንተ ደኣ ሃልዩካ ይኹን እምበር፡ ክትርእዮ እትኽእል ንጹር ፍታሕ እንተ ደኣ ዘይብልካ፡ ክሳብ ሓደ ዝሰርሕ ነገር እትረኽብ መንገድኻ ንቕድሚት ኣጣጥሕ። ምስ ረኣኻዮ ክትፈልጦ ኢኻ።

እቲ ዝዓበየ ንድፊ ምስ እቲ ብምዕራትን ሓበሬታ ትንተናን ክፍታሕ ዘይክእል ሓቢሩ እዩ ዝመጽእ። እቲ ወቁብ ስነ ጽባቐ ንዓኻ ዝዘረበካ — ንኹሉ ናቱ ዘበለ ደርእዮን የስተማቕሮን እዩ። ናትካ ብጽቡቕ እተነድፈ ህይወት እውን ንኹሉ ናቱ ጠመተን ስምዒትን ኣለዎ። ንድፋዊ ኣተሓሳስባ ንናይ ገዛእ ርእስኻ ህይወት ጸገማት ንድፊ ኣብ ምፍታሕ ክሕግዘካ እዩ።

ነፍሲ ወከፍ ንዕሊታዊ ህይወትና ዘቃልል፡ ዝያዳ ፍርያም ዝገብር፡ ዝያዳ ባህታ ዝፈጥርን ዝያዳ ሓጎስ ዝሀበን ሰፍራታት፡ ንህይወትና ስራሕናን ጸወታናን ዝበለጸ ንምግባር እዮም ተነዲፎም። ኣብ ዝኸኑ መዳይ ግዳማዊ ዓለምና ንጠዐምት፡ ነደፍቲ ንጸገማት ክኣልዩ እንክለዉ፡ እንታይ ከም ዘጋጥም ክንርኢ ንኽእል ኢና። ንሕና ንረብሓታት ኣተሓሳስባ ንድፊ ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ንሽኻ ድሙ፡ ንረብሓታት ኣተሓሳስባ ንድፊ ኣብ ገዛእ ህይወትካ ክትርእዮ ኢኻ።

ንድፊ ኣብ ምቑት ዘለዎም መሳርሒታት ከም ኮምፒዩተራት፡ ማኪናት … ጥራይ ኣይኮነን ዝሰርሕ። ኣብ ምቑት ዘለዎ ህይወት እውን ይሰርሕ እዩ። ንሽኻ ንኣተሓሳስባ ንድፊ ኣብ ምፍጣር ትርጉም ዘለዎ፡ ሕጉስን ኣዕጋብን ህይወት ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። ንሽኻ መን ኢኻ፡ ኣበይ ትነብር፡ እንታይ ትሰርሕ ወይ እንታይ ትሰርሕ ነይርካ፡ ክሳብ ክንደይ ንኡስ ኢኻ ወይ ክሳብ ክንደይ ሽምገልካ ብዘየገድስ — ነቶም ዝያዳ ዘደንጽዉ ቴክኖሎጂ፡ ፍርያት ከምኡ’ውን ሰፍራታት ዝፈጠሩ ተመሳሳሊ ኣተሓሳስባ ተጠቒምካ፡ ንሞያኻን ህይወትካን ክትነድፍ ትኽእል ኢኻ።

ብጽቡቕ እተነድፈ ህይወት፡ እቲ ኣፊልጣሊ ህይወት እዩ — ቀጻሊ ፈጠራዊ፡ ኣፍራዪ፡ ለዋጢ፡ ማዕባሊ፡ … እዩ። ኩሉ ሻብ ኩኡ ተኽእሎ ናይ ምስድማም (surprise) ኣሎ። ካብቲ ናብኡ እተእትዎ ንላዕሊ፡ ዝያዳ ኢኻ ወጽኢት እትረኽበሉ።

ነደፍቲ፡ ሕቶታት ኣመና እዮም ዝፈትዉ። መብዛሕትና ፈቲና ጸሊእና ንገዛእ ርእስና መዓልታዊ ኢና ብሕቶ እነዋጥር። ገለ መንእሰያት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምሸት ናብ መስትያት ቀሪቦም ናብ ምስሎም እናጠመቱ፡ “ስለምንታይ እየ ከምዚ ዝገበርኩ?” እናበሉ ንገዛእ ርእሶም ዘዋጥሩ ኣለዉ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብዝተመሳሰልቲ ሕቶታት ብዛዕባ ህይወት፡ ብዛዕባ ስራሕ ከምኡ’ውን ብዛዕባ ኣብ ዓለም ዘለዎ ትርጉምን ዕላማን ይዋጠር እዩ፡

• ነቲ ዝፈትዎ ስራሕ ወይ ዘፍቅሮ ስራሕ ብኸመይ ክረኽቦ እኽእል?

• ጸቡቕ ናብራ ክመርሕ ዘኽእሎ ሞያ ብኸመይ ከጥሪ እኽእል?

• ንሞያይን ስድራ ቤተይን ብኸመይ ሚዛን ክትሕዞም እኽእል?

• ኣብ ዓለም ብኸመይ ለውጢ ከምጽእ እኽእል?

• ብኸመይ ቀጢን ምልክዕን ብዘይ ማጠን ሃብታምን ክኸውን እኽእል?

ሊቃውንቲ ስነ ልቦና ብዘይካ ነታ ናይ መወዳእታ ሕቶ — ነተን ቀዳሞት ሕቶታት ክምልሱ ከም ዘይጸገሙ እዮም ዝገልጹ። ኣብ ግዜ ህጻንነትና፡ “ምስ ዓበኻ እንታይ ኢኻ ክትከውን እትደሊ?” ተባሂልና ከላትና ተሓቲትና ኢና። እዚ መሰረታዊ ሕቶ ህይወት ደቂ ሰብ እዩ — ደቂ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ንኸኑ ዋላ ደቂ ሓምሳ ዓመት ንኹን።

ነደፍቲ ሕቶታት ይፈትዉ እዮም። የግዳስ እቲ ንሶቶም እምብዛ ዘፍቅርዎ ዳግመ-ምስርራዕ (reframing) ሕቶታት እዮም። ዳግመ-ምስርራዕ ሓደ ካብ እቶም እምብዛ ኣገደስቲ ኣቃውማ ኣእምሮ ናይ ሓደ ኑዳፊ እዮም። ብዙሓት ዓበይቲ ምምሕያሻት (innovations)፡ ብዳግመ-ምስርራዕ እዮም ዝጀምሩ።

ኣብ ንድፋዊ ኣተሓሳስባ ኩሉ ሻብ፡ “በቲ ጸገም ኣይትጀምር፡ ብሰባት ጀምር፡ ብርህራህ ጀምር።” ኢና እንብል። ሓንሳእ ድንጋጸ ነቶም ፍርያትና ዝጥቀሙ ሰባት እንተ ደኣ ሃልዩና፡ ንሽርናዕ ጠመተናን ነውጺ ሓሳባትናን ክንገልጾ ንኽእል። ብዛዕባ እቲ ዛጊት ዘይፈለጥናዮ ጸገም ክንደህሰስ ኩኡ ፋልማይ ስርሓት ንጅምር።

እዚ ከምቲ ልሙድ ወጽኢቱ ዳግመ-ምስርራዕ ይኸውን። እናሓንሳእ እዚ ቅለሳ (pivot) ተባሂሉ ኸማን ይጽዋዕ እዩ። ዳግመ-ምስርራዕ ብዛዕባ ጸገም ሓደሽ ሓበሬታ ክንረክብ እንክለና እዩ ዳግመ ምርግጋጽ ብዛዕባ መንጽር ዛንታ ከምኡ’ውን ምሕሳብ ምጅማርን ዳግማይ ቀዳማይ-ሞደልን እዩ።

ኣብ ንድፊ ህይወት፡ ብዙሕ ነገር ኢና ዳግመ-ምስርራዕ እንካይድ። እቲ ዝዓበየ ዳግመ-ምስርራዕ፡ ህይወትካ ብፍጹምነት ዝወጠን ዘይምኳኑ እዩ። ንህይወትካ ሓደ ፍታሕ ጥራይ ዘይምህላዉን እዚ ኸኣ ጸቡቕ ነገር ምኳኑን እዩ። ንህይወትካ ብዙሓት ንድፊታት እዮም ዘለዉ፡ ነቲ ዓይነት ናይ ፈጠራን ምዝዳድ ክውንነትን ኩሉም ብዘለፉ ምስ ተመልኡ፡ ህይወት ንኽትነብራ እተመሚ ትኸውን።

ህይወትካ ግዝዕ ዘይኮነት፡ ተመክሮ እያ። እቲ ዋዛ ካብ ንድፍን ነቲ ተመክሮ ምስትምቓርን እዩ ዝመጽእ። እቲ ዳግመ-ምስርራዕ ነቲ ሕቶ፡ “ምስ ዓቢኻ እንታይ ኢኻ ክትከውን እትደሊ?” ዝብል ዝበረ፡ “ናብ መን ገጽካ ኢኻ ክትዓቢ እትደሊ?” ዝብል ይቕይር።

ህይወት ብዛዕባ ዕቡዮትን ምልዋጥን ጥራይ እኮ እያ። ህይወት ቀዋሚት ኣይኮነትን። ህይወት ብዛዕባ ገለ ጽሑፍቶ ጥራይ ኣይኮነትን። ህይወት ብዛዕባ ነቲ ሕቶ ንሓንሳእን ንሓዋሩን መልሲ ምስ ሃብካሉ፡ ብቓ ኣኽለ ዝበሃለሉ ኣይኮነን። ንሱ ወይ ንሳ እንታይ ከም እትደሊ ዝፈልጥ ዋላ ሓደ ሰብ የልቦን። ዋላ እቶም ዶክቶር፡ ጠበቓ ወይ መሃንድስ ክኾኑ ባህጊ ዘለዎም ኮማን ሮቦጃኛታት ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም። እዚኦም ደብዛዛት ኣንፈታት ኣብ መንገዲ ህይወት ጥራይ እዮም።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰጉሚ እቲ መንገዲ፡ ብቐጻሊ ዘጋጥሙ ማእለያ ዘይብሎም ሕቶታት ኣለዉ። ሰባት ዝደልይዎ መሳርሕ እዩ — መሳርሕ ንድፊ — እንታይ ከም ዝደልዩ ንምርዳእ፡ ናብ መን ገጾም ክዓብዩ ከም ዝደልዩ ከምኡ’ውን ነቲ ዘፍቅርዎ ህይወት ብኸመይ ከም ዝፈጥርዎ እዩ።

**“ግዳይ ኩነታት ብምኳን፡ ህይወት ንምንካ ክትዕድሪካ ኣይተፍቅድ። ንጠፍ ተራ ብምጽዋት፡ ሓደ ካብኦም ንህይወቶም ንድፊ ዘውጽኡ ኹን።” - ሀንሪ መላር**

**“ንህይወትካ ልክዕ ከም ዕረፍቲ ከቶ ዘየድልየካ ገይርካ ንደፋ።” - በራች ኣከባ**

ይቕጽል

| ሎሚ ኣብ ERI-TV | |
|---|---|
| ሰዓት | መደብ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | TECH IN-SIGHTE |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ቴራብ |
| 14:15 | FILM |
| 15:40 | መደብ ህርመት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ሜእገር |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ ማስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ሴላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም ቀለቤት ልቢ |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ሽሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ኣሕለም ሳልሕ ኣድሪሰ ተኸሳሲ ሑሴን ዓብደልዋሰዕ ስራጅ በዓልቲ ቤትካ ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ዘውዲ ኣብርሃን ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ጸገረዳ ይልማን ዘሎ ናይ ሲቪል ጉዳይ ክርክር፡ ተኸሰስቲ ንጹር ኣድራሻኦም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዖም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/1/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.4 ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም፡ ጉዳይ ኣብዘየለውሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ሲያና ሓለፎም ወልደሚካኤልን ተኸሳሲ ኣቶ ኤርሚያስ ጸጋየ ማትዮስን ዘሎ ናይ ሞግዚትነት ጉዳይ ክርክር፡ ተኸሳሲ ኣድራሹኡ ስለዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ተጸዊዑ ን12/1/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳይ ኣብዘየለወሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ተመናይ

ወ/ሮ ኣብርሃኤን ሓድጉምበስ ሃብተገርግሽ በዓልቤተይ ይብራህ ወልዳይ ገብረመሓሪ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ ን19/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጎዘ ጥንዳ

ዳናይት ተስፋጋብር ገብረስላሴ፡ ኣደይ ሳባ ተኸለኣብ ደባስ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ ን24/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጎዳይፍ

ኣመልካቲት ወ/ሮ ኣለማሽ ተስፋይ ልብሱ፡ ብዓል ቤተይ ኣባዲ ተኸለ ካሕሳይ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻመዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ ን26/1/2023 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ወኪደባ

ኣቶ ጆርጅ እልያስ ተኸለ፡ ኣቦሓጎይ ቀሺ ተኸለ ወልደየሱስ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 2 ተተኻእቲ ወዲ ኣሞይ ዝወለዶን ጓል ሓወቦይ ዝወለደቶን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ምስዮና ተስፋማርያም ሃይለሚካኤል፡ ወለድና ተስፋማርያም ሃይለሚካኤል ሓደራት ኣዴና ኣበባ ኣርኣያ ዓንደሚካኤልን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰላዕ ዳዕሮ

ኣቶ ገብረሂወት ኣርኣያ ወልደገብርኤል፡ ሓብተይ ሂወት ኣርኣያ ወልደገብርኤል ስለዝሞተት፡ ወላዲ ይኹን ሓዳር ስለዘይብላ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ጺጋ ተስፋዝጊ ዘወልዱ፡ በዓልቤተይ ኣቶ ኣሲያስ ተስፋማርያም ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ ናይ መጻምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ ኣነ ጥራይ ወረሰቱ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ከሳሲት ወረ/ፍ ተኸለ ስቡሓት ወረ/ፍ/ት ኣልማዝ ወልደትንሳኤ፡ ወ/ሮ ኣኽበረት ራያ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ተኸለ ስቡሓት፡ ወረ/ፍ ወልደገርግሽ ተኸለ ኣቶ ብርሃ ወልደገርግሽ ተኸለ +63 ብዙሓት፡ ክሱሳት ሓርነት ፎቶ፡ ለምለም ክፍሉ ተወልደ ንፍታሌም ሓደሽ መጸዋዕታ ዝተመሓየሸ ይብጽሓየም፡ ብዘይካ ተኸሰስቲ ብርሃ ወልደገርግሽ፡ ኣርሴማ ገብረየወሃንስ፡ ዳኒኤል ገብረየወሃንስ፡ ዳኒኤል ብስራት፡ ኣዜብ ብስራት፡ ሓጎስ ብስራት፡ ሚካል ብስራት፡ ግርማይ ዘራጽዮን፡ ነጋ ዘራጽዮን ሚካኤል ከንፈ፡ ሙብራት ከንፈ፡ ናይ ወርሻ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይ ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ስመይ ህንጻየሱስ ገብረእግዚኣብሄር ዓንደጊዮርጊስ ምባል ተሪፉ፡ ህንጻየሱስ ገብረዝጊ ዓንደጊዮርጊስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ዓንዳይ ወልደማርያም ስእለ ምባል ተሪፉ፡ ዓንደ ወልደማርያም ስእለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓደውሒ

በዓልቲ መሰል ኣዝዩብ ወልደየውሃንስ ዘርኡ፡ ወኪላ ወልደየውሃንስ ዘርኡ፡ በዓል ዕዳ መንግስትኣብ ሃብተ ገረህላሰ ብፍርዲ ዝተወሰነልካ ዕዳ ክትከፍሎ ስለዘይከኣልካ ናይ መወዳእታ ጉዳይካ ንምርኣይ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ት/ዕድመ ኢሲያስ ሰለሙን ኣስመላሽ፡ ኣቦና ሰለሙን ኣስመላሽ ተኸለ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/23 ኣብ ቤ/ ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት መኣዛ ሃብተማርያም ገብረመስቀል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምስዮና ኣደከመ ተስፋይ ናይ ሓዳር ክርክር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ንጹር ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ክቢ. 02 ከረን

ከሳሲት ወ/ሮ ሰላማዊት የውሃንስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ እስቲፋኖስ ኣብርሃም፡ በዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ን 20/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣቆርደት

ከሳሲት ወ/ሮ ፍዮሪ ተዓገስ ሰለሞን፡ ብሕጋዊ ወኪላ ኣቶ ተዓገስ ሰለሞን፡ ናይ ተጸዋዒ ኣቶ መሓሪ ባርያጋብር ደሃይ ስለዘይብለይ ፍትሕ ክፍጸመለይ ስለዝበለት፡ ተጸዋዒ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/1/23 1ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ቤት-ፍርዲ ጉልጅ

ሙሳ ሓጅ ሙሓመድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ሙሳ ሓጅመሓመድዓሊ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ክቢ. 1ን/ዞባ ባጽዕ

ወ/ሮ ኣበባ ዘርኣማርያም ሰመረኣብ፡ ወለድና ዘርኣማርያም ሰመረኣብ ገብረማርያምን ኣዴና ጸሃይሽ ገብረማርያም ተሰማን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ክፍሊ ኣገልግሎት ማይን ረሳሕ ፈሳስን ዞባ ማእከል ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ዘገልግሉ ዘለዉ ኮምፕዩተራት፡ ፕሪንተራት፡ ፎቶ ኮፒየራትን ሰርቨርን ወርሓዊ ናይ ጽገናን ጽሬትን ኣገልግሎት (MAINTENANCE & SERVICE) ክግበረለን ስለ ዝደለየ፡ ዝ. ዝስዕብ ነጥብታት ዘማልኡ ተወዳደርቲ ክወዳደሩ ይኽእሉ።
ተወዳደርቲ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ክሕዙ ይግባእ
ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጻሉ ኣትሒዙ ን10 መዓልቲ ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ፡ ማለት 11 መዓልቲ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተማሪትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ክፍሊ ኣገልግሎት ማይን ረሳሕ ፈሳስን ዞባ ማእከል ዝተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ቅድሚ ተወዳደርቲ ይኽፈት።
ዝርዝር ስራሕ ኣብ ክፍሊ ኣግልግሎት ማይን ረሳሕ ፈሳስን ዞባ ማእከል ዝተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ቅድሚ ተወዳደርቲ ይኽፈት።
ዝርዝር ስራሕ ኣብ ክፍሊ ኣገልግሎት ማይን ረሳሕ ፈሳስን ዞባ ማእከል ቤት ጽሕፈት ቁ.9 ይውሰድ።
ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ኣገልግሎት ማይን ረሳሕ ፈሳስን ዞባ ማእከል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ክፍሊ ኣገልግሎት ማይን ረሳሕ ፈሳስን ዞባ ማእከል

ኮማዊ ቤት-ፍርዲ 3 ምጽዋዕ

ከሳሲት ወ/ሮ መዓሾ ሓደሽ ክፍሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ገብረሊባኖስ ገብረሂወት ተኸለገርግሽ፡ በዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/1/23 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ምስጋና



ብሞት ክቡር በዓል ቤተይ ኣቶ የውሃንስ በየነ ኪዳ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ዓዲ ጣፉ-ንፉስ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ናይ ሓዘና ተኻፈልቲ ዝኾንኩም ኩሉኹም የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሸዋየ ወልዱ ክፍላይ
ደቁን ኣሕዋቱን ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብሞት እኖፍቅራ ጓልና ወ/ት ሄለን ፍስሃየ ገብረመድህን ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ሬሳ ካብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ምፍናው ዝተሓባበርኩምና፡ ኣብ ዓዲ ኳላ ዚቃበርኩምና፡ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ወለዳ ኣቶ ፍስሃየ ገብረመድህንን ወ/ሮ
እምነት ተስፋዝጊን
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣዚና እናፍቅሮን ነኽብሮን ኣሚነይ መምህር በየነ ኣርኣያ ብርሃ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እንናገልጽና፡ ኣብ ኣመሪካ ካብ ግዜ ሕማሙ ጀሚሩኩም ዝበጻሕኩምን ዝተሓባበርኩምን፡ ኣብ ዓዲ ሓወሻ ካህናት ዓድን ደብረጽዮን ቅድስቲ ማርያም ኣስመራን ኩሉኹም ዘቃበርኩምናን ናብ ገዛና ብምምልላስን ብመራኸቢታትን ኣብ ወሽጥን ወጻእን ዘጸናናዕኩምናን ዝደበስኩምናን ብምምስጋን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ምዕጻውና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቱ
መኣዛ ሙብራህቱ ናሽሕ
ሓው ግርማይ ኣርኣያ ምስ ደቁን ስድራቤትን

ኣብ ኣስመራ ዞባ 9 ምም/01 ጎደና ደንካልያ ቁ.ገዛ 5 ዝርከብ ብቁጽሪ ወረቐት 115456 መወከሲ ቁጽሪ 125558 ብስም ወ/ሮ ለምለም ስእሉ በለው+2 ዝተመዝገበ ገዛ ብዘረጋግጽናዮ ውርሲ መሰረት ናብ ስምና ክመሓለልና ስለዝደለና፡ ዝቃወም እንተልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፈጽም ምዃንና እሕብር።

ኣቶ ገብረማርያም ተወልደ

ወላዲተይ ወ/ሮ ተብርህ ኣብርሃም ደሰታ ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ቤ/ፍ/ዞ/ማእከል ዕለት 30/4/2019 ብቑ/መዝ 120/2019 ቀሪባ ኣብ ኣስመራ ከተማ ን/ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ምም/01 ዞን ማይተመናይ ፕሎት 33 ፓርሰል “ፒ” ዝርከብ ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ብቑ/ውዕል 0637/99 ኣብ ሃገራዊ ካዳስተር ብንብረት ቁጽሪ መዝገብ 53377 ብጠቕላላ ቁጽሪ መዝገብ 88467 ናይ ዕለት 21/12/1999 ዝተረጋገጸላ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብህያብ ስለዝሃበትኒ’ሞ ናብ ስመይ ከመሓልልፍ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡ እንተዘየለ ግን ናብ ስመይ ከመሓልልፍ ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ዛይድ ተወልደ ገብረዝጊ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ስፖርታዊ ውድድራት ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ማእከል ቀጺሉ

ብጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ተወዲቡ ዝቐጸለ ዘሎ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ዝሓለፈ ሰሙን ብጸወታታት ኩዕሶ እግሪ፡ ኩዕሶ መርበብን ኩዕሶ ሰኪዔትን ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣስመራ ሓፈሻውን ሓሊዩን ቀጺሉ ከም ዝወዓለ ካብ ሚኒስትሪ ዞባ ማእከል ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ። ኣብዚ ብኽልቲኡ ጾታታት ዝተኻየደ ውድድር፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ኩዕሶ እግሪ ውድድር ጻዕዳ ክርስትያን ንደንደን 1-ብ0፡ ሓርነት ንእምባዛራ 5-ብ0፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንርእሲ ዓዲ 3-ብ0 ክስዕረአን ከለዋ፡ ሰማእታት ድማ ምስ ሰምበል ብዘይ ሽቶ



0-ብ0 ተፈላልየ።

ኣብ ተመሳሳሊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ዲያእ ንደንደን 4 ብ 1፡ ሓርነት ንእምባዛራ 3 ብ 2፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንርእሲ ዓዲ 2 ብ 1፡ ሓሊዩ ንማይጭፍሒ 2 ብ 0 ክስዕረአን እንከለዋ፡ ሰማእታት ንደምበ ሰምበል ቀይሕ ባሕሪ ከኣ ንኢሳቕ ተወልደ መድህን ብተመሳሳሊ ወጽኢት 1-ብ 0 ረቲዐንአን።

ኣብ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንደንደን፡ ጻዕዳ ክርስትያን ንኢሳቕ ተወልደ መድህን፡ ደምበ ሰምበል ንሰማእታት፡ ማይ ኣፍሓ ንሰራርቲ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2 ብ 0 ከም ዝሰዓረአን እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ የረድእ። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ቀይሕ ባሕሪ ንኢሳቕ ተወልደመድህን፡ ደንደን ንዲያእ፡ ደምበ ሰምበል ንሰማእታት፡ ማይ ኣፍሓ ንሰራርቲ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2 ብ 0 ክስዕረአን እንከለዋ፡ ጻዕዳ ክርስትያን ድማ ንደቐ ሰበ 2-ብ1 ረቲዓታ።

ኣብ ኩዕሶ ሰኪዔት ደቂ ኣንስትዮ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንኢሳቕ ተወልደመድህን 22 ብ 14፡ ደንደን ንልምዓት 20 ብ 16፡ ሰማእታት ንደምበ ሰምበል 31 ብ 14 ክሰንፈአን እንከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ቀይሕ ባሕሪ ንኢሳቕ ተወልደመድህን 38 ብ 32፡ ልምዓት ንደንደን 52 ብ 27፡ ሓሊዩ ንኢብራሂም ሱልጣን 27 ብ 23፡ ሰማእታት ንደምበ ሰምበል 36 ብ 14 ኣፋንዮንአን ኣለዋ።

## ፈሊክስ ናብ ስታንፎርድ ብሪጅ

ሎሚ ዓመት ምስ ቀዳሞት ኣርባዕተ ጋንታታት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ኮይና ውድድራ ብምዝዛም ንዒመታ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዘሳትፍ ዕድል ንምርካብ ትቃለስ ዘላ ቸልሲ፡ ኣብዚ ናይ ወርሒ ጥሪ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ኤውሮጳ ንጆ ፈሊክስ ንምፍራም ተበግሶ ከም ትወስድ ተሓቢሩ። እዛ 'ዘ ብሉስ' ብዝብል ቅጽል ስም እትጽዋዕ ጋንታ፡ ነዚ ተጻዋታይ ኣብ ወርሒ ጥሪ ብመልክዕ ልቓሕ ናብ ስታንፎርድ ብሪጅ ብምምጻእ ኣብ ክራማት ኩነታቱ ተዓዚባ ብቐዋሚ ትውንኖ ኢጋጥሚ እያ ተናዲ ዘላ።

ቸልሲ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር 17 ሽቶታት ጥራይ'ያ ኣመዝጊባ ዘላ። በዚ'ያ ኸኣ ንፈሊክስ ካብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ኣምጺኣ መስመር መጥቃዕታ ክተደልድል ወሲና ዘላ። ባዶ ጹበለልታ ሽቶ ሒዛ ዘላ ቸልሲ (ናይ ትማሊ ጸወታ ገዲፍካ) ካብ ቀዳሞት 10 ጋንታታት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ እታ ዝውሓደ ሽቶ ዘመዝገበት ጋንታ'ያ ኮይና ዘላ። ዝሓለፈ ክራማት ናብ ስታንፎርድ ብሪጅ ዝመጽኡ ረሒም ስተርሊንግን ፔረ ኢመሪክ ኣቡሙያንግን ንመስመር መጥቃዕቲ ናይ'ታ ጋንታ ከደልድልዎ ልዑል ትጽቢት'ኳ እንተነበረ፡ ዘይ ከምቲ ተስፋ ዝተነበረሎም ንልዕት መጋጥምቶም ክደፍሩ ከም ዘይከኣሉ ይንገር።

ብመሰረት ዘ ቴሌግራፍ ዝተባህለት ማዕከን ዜና ዝዘርግሓቶ ሓበሬታ፡ ሓለፍቲ ዕድጊ ቸልሲ ኣብ መስርሕ ምስግጋር እቲ ተጻዋታይ ንምዝርራብ ናብ ከተማ ማድሪድ ከም ዝኣተዉ ተፈሊጡ ኣሎ። ፈሊክስ ኣብ መሰርዕ እዛ ብዲያጎ ሲሞኒ እትእለ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ቦታ ስኢኑ ብምህላዉ ካልእ ጋንታ ኣብ ምንዳይ ከም ዝርከብ ምስ'ቲ ተጻዋታይ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ይሕብሩ። ኣትሌቲኮ ማድሪድ ነዚ ተጻዋታይ ኣብ ክራማት ናይ 2019 ብ114 ሚልዮን ፓውንድ ከም ዝዓደገቶ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ነዚ ዘውጽኣቶ ገንዘብ ንምምላስ ገዚፍ መጠን ገንዘብ ክትሓትት ከም ትኽእል ይንገር።

ኣሰልጣኒ ቸልሲ ግራሃም ፖተር፡ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ኣብ ምንዳይ እዩ ዝርከብ ዘሎ። ፈሊክስ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ግጥማት ዋንጫ ዓለም ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ኮይኑ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ከም ዝተሰለፈ ይፍለጥ። ንሱ ኣብቶን ዝተሰለፈለን ሓሙሽተ ጸወታታት ሓንቲ ሽቶ ከመዝግብ ከሎ፡ ክልተ ኸኣ ሽቶ ዝኾና ኩዕሶ ከም ዝሰርሐ ይፍለጥ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብዚ ናይ ወርሒ ጥሪ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ኤውሮጳ ዝኾነ ተጻዋታይ ከም ዘይትዕድግ ተሓቢሩ። ይኹን'ምበር ኣሰልጣኒ እታ ጋንታ ኤሪክ ተን ሃግ ብመልክዕ ልቓሕ ዘምጽኦም ተጻወትቲ ክህልዉ ከም ዝኽእሉ ቀሪቡቲ ናይታ ጋንታ የረድኡ። ወሃንቲ ማንቸስተር ዩናይትድ ሰድራቤት ግሌዘር፡ ነታ ጋንታ ክሸጡዋ ወሲኖም ብምህላዎም'ዩ እዚ መግለጺ ዝወሃበ ዘሎ። ዩናይትድ በዚ ምኽንያት ኑቲ ናብ ሊቨርፑል ከይዱ ዘሎ ኮዲ ጋክፖ ከም ዝኸሰረቶ እዩ ዝሕበር ዘሎ።



## ኮዲ ጋክፖ ናብ ሊቨርፑል ተጸንቢሩ

ካብ 15 ጸወታታት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ 25 ነጥቢ ኣዋህሊላ ኣብ ሻድሻይ ተርታ ተሰሪዓ ዘላ ሊቨርፑል፡ ንሆላንዳዊ ኣጥቃዓይ ኮዲ ጋክፖ ናብ መሰርዓ ከም ዝጸንበረቶ ኣፍሊጣ። ብመሰረት ፒኤስቪ ኤንድሆቨን ኣብ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታኣ ዝዘርገሐቶ መግለጺ፡ እቲ ተጻዋታይ ካብ 35.4 ሚልዮን ፓውንድ ክሳብ 44.3 ሚልዮን ፓውንድ ዝበጽሕ መጠን ገንዘብ ከም ዝፈሰሶ ክረጋገጽ ተኻኢሉ ኣሎ። እዚ መጠን ገንዘብ ኣብ ታሪኽ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ፒኤስቪ ኤንድሆቨን እቲ ዝበዝሐ ኮይኑ ክብረ-ወሰን ክሕዝ ክኢሉ ኣሎ።

ወዲ 23 ዓመት ኮዲ ጋክፖ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ግጥማት ዋንጫ ዓለም ምስ ሃገራዊት ጋንታ ሆላንድ ኮይኑ መሳጢ ብቕዓት ከም ዘርኣየ ተንተንቲ ናይቲ ውድድር ይሰማምዑ። ኮዲ ኣብ ዋንጫ ዓለም ኣንጻር ሃገራውያን ጋንታታት ኤኳዶር፡ ሴኔጋልን ቀጠርን እዩ ሽቶ ኣመዝጊቡ። ንሱ ኣብቲ ግጥም ሰለስተ ሽቶታት ብምምዝጋብ ሃገራዊት ጋንታ ሆላንድ ክሳብ ግጥም ርብዒ ፍጻመ ክትበጽሕ ከም ዝሓገዘ ይእመን።

ሊቨርፑል ናይ ቅድሚት ተጻወትታ ልዊስ ዲያዝን ዲዮጎ ጆታን ንነውሕ ዝበለ እዋን ካብ ጸወታ ርሒቖም ብምህላዎም'ያ ኣጥቃዓይ ንምፍራም ናብ ዕዳጋ ተጻወትቲ ኣምሪሓ። ኮዲ ጋክፖ ሎሚ ዓመት ንፒኤስቪ ኣብ 14 ጸወታታት ትሽዓተ ሽቶታት ከመዝግብ ከሎ፡ 12 ከኣ ሽቶ ዝኾና ኩዕሶ ከም ዝሰርሐ ሰዓት ናይዛ ሆላንዳዊት ክለብ የረድኡ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ግጥማት ዩሮፕያን ሊግ እውን ኣብ ሓሙሽተ ጸወታታት ሰለስተ ሽቶታት ከመዝግብ ከሎ ክልተ ከኣ ንሽቶ ዝኾና ኩዕሶ ከቢኑ እዩ።





እቲ ተጻዋታይ ሎሚ ዓመት ብዘርኣዮ ብሉጽ ብቕዓት ኣብ ዓይኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ክኣቱ ከም ዝኸኣለ ይፍለጥ። ተኸላኻላይ ሊቨርፑል ቫን ዳይች ኣብ መስርሕ ምስግጋር እዚ ተጻዋታይ መሪሕ ተራ ከም ዝተጻወተ'ዩ ዝእመን። ዋላ'ኳ ብርክት ዝበሉ ክለባት ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ እዚ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ተገዳስነት ኣሕዲረን እንተነበራ፡ ዩናይትድ ግን ናብ ኦልድ ትራፎርድ ከተምጽኦ ምኽንያት ብተደጋጋሚ'ዩ ክግለጽ ጸኒሑ። ሊቨርፑል ኣብ ወዳእ ሰዓት ኑቲ ተጻዋታይ ምጭዋያ ከኣ ደገፍቲ ሬድ ዴቭልስ ቁጠዐኦም ኣብ ምግላጽ ደርኪቦ ኣለው።

ቫን ዳይች ድሕሪ'ቲ ጋንታኡ ንኣስቶን ቪላ 3-ብ1 ምርታዓ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ "ሓደሽቲ ተጻወትቲ ክመጽኡና እየም" ክብል ከም ዝተዛረበ ይፍለጥ። ኣብዚ ናይ ሰሉይ ምሸት ጸወታ ንሓንቲ ካብ ሰለስተ ሽቶታት ሊቨርፑል ዘመዝገበ ቫን ዳይች፡ ብፍላይ ኣብ እዋን ግጥማት ዋንጫ ዓለም ብዝበ ብሉጻት ኮዲ ጋክፖ ብተደጋጋሚ ይዛረብ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

## እንታይከ ደበሃል ኣሎ?

• ኣጥቃዓይ ፈረንሳዊት ለለ ጆናታን ዳቪድ ናብ ፕሪመር ሊግ ከም ዝመጽእ ተዛሪቡ። ዋላ'ኳ ብርክት ዝበላ ጋንታታት ፕሪመር ሊግ ኣብ ልዕሊ እዚ ካናዳዊ ተጻዋታይ ተገዳስነት ኣሕዲረን እንተሃለዋ፡ ዩናይትድ ግን መዕረፊኡ ክትከውን ከም ትኽእል ይንገር። ጆናታን ሎሚ ዓመት ኣብ ሊግ ኣ ፈረንሳ ካብ 15 ጸወታታት 9 ሽቶታት ከም ዘመዝገበ ይፍለጥ። ይኹን'ምበር ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ግጥማት ዋንጫ ዓለም ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ካናዳ ወድዩ ኣብ ዝተሰለፈለን ሰለስተ ጸወታታት፡ ሽቶ ከመዝግብ ኣይከኣለን። እቲ ተጻዋታይ ኣብ 2020 እዩ ብ30 ሚልዮን ዩሮ ናብ ለለ ተጸንቢሩ።



• በፊካ ንብሉጽ መንእሰይ ተጻዋታያ ኤንዞ ፈርናንደዝ ከይትሸጦ ኣብ ከቢድ ሰግኣት ኣትያ። ሓንቲ ካብ ዝዓበየማ ክለባት ዓለም ምኻና ዝኣመነ ኒውካስል፡ ነዚ ተጻዋታይ ንምውናን ላዕለን ታሕትን ትብል ከም ዘላ ይፍለጥ። ዋላ'ኳ ኒውካስል ኣቐዲማ ዘቕረበቶ ጠለብ ካብ በፊካ ተቐባልነት እንተዘይረኸበ፡ ሰብ ጸጋ ወሃንቲ እታ ጋንታ ግን ን110 ሚልዮን ፓውንድ መዕጸዊ ውዕል እቲ ተጻዋታይ ከፈሉም ከይወስድዎ ስግኣት ኣሎ። እዚ ወዲ 21 ዓመት ተጻዋታይ፡ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ግጥማት ዋንጫ ዓለም ብዘርኣዮ ብሉጽ ጸወታ 'ዝበለጸ መንእሰይ ተጻዋታይ' ተባሂሉ ከም ዝተሸለመ ይፍለጥ። ኒውካስል ኣቐዲማ ነዚ ተጻዋታይ ንምውናን ዘቕረበቶ 88 ሚልዮን ፓውንድ ተቐባልነት ኣይረኸበን።

• ፕረዚደንት ሰዑዳዊት ክለብ ኣል ናስር መሰሊ ኣል መማር፡ ኣብ መስርሕ ምስግጋር ፖርቱጋላዊ ክርስትያኖ ሮናልዶ ኣመልኪተን ጋዜጣታት ስጳኛ ንዘሁባኦ ዘለዋ ሓበሬታታት ኣሉታዊ ምላሽ ሂቡ። ጋዜጣ ማርካ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት፡ እቲ ተጻዋታይ ብ173 ሚልዮን ፓውንድ ምስ ኣል ናስር ክጻወት ከም ዝተሰማምዐ ጽሒፉ ነይራ እያ። ሰበሰ ስፖርት ዝተባህለ ማዕከን ዜና ብወገኑ፡ ሮናልዶ ሕክምናዊ መርመራ ክገብር ተቓሪቡ ክብል ሓቢሩ ነይሩ። ነዚን ካልእን'ዩ እምበኣር እቲ በዓል ስልጣን ኣል ናስር "ወጽእ ሓሶት" ክብል ምላሽ ሂቡሉ ዘሎ።

• ስጳኛዊት ሪያል ማድሪድ፡ ንብሉጽ ተጻዋታይ ባየር ሙኒኽ ኣልፎንሶ ዳቪስ ናብ በርናቡ ንምምጻእ ትሰርሕ ኣላ። እዛ ጋንታ ነዚ ወዲ 22 ዓመት ናይ ጺጋም ተኸላኻላይ ዝመጽእ ክራማት'ያ ናብ ሕቑፋኣ ከተእትዎ መዲባ ዘላ። ምስ ሃገራዊት ጋንታ ካናዳ ኮይኑ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ግጥማት ዋንጫ ዓለም ብሉጽ ምንቅስቓስ ዘርኣየ ዳቪስ፡ ምስ ባየር ሙኒኽ ክሳብ 2025 ዘጸንሖ ውዕል'ዩ ዘለዎ። ዳቪስ ኣብ 2018 ምስ ሙኒኽ ካብ ዝጸንበረ 134 ጸወታታት ከሊዩድ ከሎ፡ ኣርባዕተ ግዜ ጸዋእ ቡንደስ ሊጋ ሓንሳብ ድማ ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ከምዝዓተረ ሰነዳቱ የረድኡ።

• እንግሊዛዊት ኣርሰናል ንናይ ክንፊ ተጻዋታይ ሻኽታር ዶነትስክ ሚካሃይሎ ሙድርይክ ንምዕዳግ 57 ሚልዮን ፓውንድ ከም ዝሰለዐት ተፈሊጡ። መራሒት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዘላ ኣርሰናል ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ምስ ወከል እቲ ተጻዋታይ ክትዘራረብ ምኻና ክፍለጥ ከሎ፡ ሻኽታር ግን ዛጊት ብዛዕባ እዚ መስርሕ ምስግጋር ዝኾነ መልሲ ኣይሃበትን ዘላ። እዚ ዩክሬናዊ ተጻዋታይ፡ ንግጥም ኣርሰናልን ዌስትሃምን ብመስኮት ተለቪዥን እናተዓዘበ ዘርኢዩ ስእሊ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ከም ዝዘርገሐ ተፈሊጡ ኣሎ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ

ሰዓት 11፡00 ምሸት

ሊድስ ምስ ማንቸስተር ሲቲ

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብራሃም

## ብሪጣንያ - ኣሽሓት ዝተጻወደ ነተጕቲ ካልኣይ ኩናት ዓለም ተረኺቡ

ኣብ እዋን ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝተተኮሰን ክሳብ ሕጂ ተጻዊዱ ዘጸንሐን ብኣሽሓት ዝቖጸር ነተጕቲ ኣብ ብሪጣንያ ከምእተረኽበ ብመጸናዕቲ ተረጋጊጹ።

መብዝሕትኡ ካብዚ ነተጕቲ፡ ኣብ ገማግም ብሪጣንያ ኣብ ዝርከብ ከተማታት ካርዲፍን ስዋንሲን ከምዝርከብ ዝጠቐሰ እቲ መጽናዕቲ፡ ኣብቲ ብሪጣንያ ኣንጻር ስርዓት ናዚ ጀርመን እትዋጋኣሉ ዝነበረት እዋን ነቲ ከይትተጕ ዝተረፈ ቦምባታት ምእላይ ኣሸጋሪ ምንባሩ ገሊጹ።

ኣብተን ከተማታት ዘይትተጕ ቦምባታት ከምዘሎ ዝሕብር ዘሎ፡ ጀርመን ካብ ዝጸወደቶ ቦምባታት 10 ሚእታዊት ጥራሕ ከምዝተተጕ ድሕሪ ምግዋሑ እዩ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣገልግሎት ህጹጽ ረድኤት፡ ነቲ ቦምባታት ንምብርዓን ወጢኑ ከምዘሎ ጸብጻብት ይሕብሩ።

እንተኾነ እቲ ብኣሽሓት ዝቑጸር ዘይትተጕ ቦምባታት ብቕልጡፍ ክእለ ኣጸጋሚ ምዃኑ እየም ጸብጻብት ብዝተወሳኺ የረድኡ።

ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም እተን ከተማታት ብሪጣንያ ቀንዲ ዕላማታት ሰራዊት ጀርመን ከምዝነበራ፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ነብርተን ኣብቲ ውግእ ከምዝሞቱን ኣብ ትሕተ ቅርጺ እውን ከቢድ ዕንወት ከምዘወረደን ሰነዳት ታሪኽ ይሕብሩ።

ኣብተን ከተማታት ነቲ ቦምባታት ንምብርዓን ዝተፈላለዩ ሚሊታት ክስርሓሉም ከምዝጸንሑ ዝሓበሩ ሰበ-ሞያ ብሪጣንያ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ዝማዕበለ ርጦት ከይተረፈ ኣብ ምእላይ ነተጕቲ ከምዝዋፈር ኣፍሊጦም ኣለዉ።



## ስ/ኮርያ ምስ ደ/ኮርያ ንዘራኽባ ዶባት ብሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ትሕሉዋ

መንግስቲ ሰሜን ኮርያ ኣብ ሓባራዊ ዶባት ሃገሩን ደቡብ ኮርያን 5 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ (ድሮን) ከምዝዋፈረ ሚኒስትሪ ምክልኻል ደቡብ ኮርያ ሓቢሩ።

እተን ብሰሜን ኮርያ ዝተላእካ ድሮናት፡ ኣብ ምሕላው ዶባት ጥራይ ከይተሓጸራ ንልኡላዊ ክሊ- ኣየር ደቡብ ኮርያ ከምዝጠሓሳ ሓደ ካብ ላዕለዎት ሰብ-መዚ ደቡብ ኮርያ ከሲሱ። ሓንቲ ካብተን ነፈርቲ፡ ቅድሚ ናብቲ ሓባራዊ ዶባት ምምላሳ፡ ኣብ ሰሜናዊ ወሰናስን ከተማ ሶል ከምዝበረረት እውን ሓቢሩ።



ሓይሊ ኣየር ደቡብ ኮርያ ነተን ድሮናት ንምውቃዕ ኣስታት 100 ፈተነታት እኳ እንተኣካየደ፡ ነተን ነፈርቲ ግን ከውድቐን ከምዘይከኣለ እዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ነፈርቲ ሰሜን-ኮርያ፡ ንጸጥታ ደቡብ ኮርያ ብኣሉታ ከምዝጸለዋኦ ዝሓበረ መንግስቲ ደቡብ ኮርያ፡ ዕላማ ናይተን ነፈርቲ ሓበሬታ ምእካብን ኣብ ኣድላይ እዋን ድማ መጥቃዕቲ ንምፍናውን ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ መጀመርያ ናይዚ ሒዝናዮ ዘለና ወርሒ፡ መንግስቲ ሰሜን ኮርያ፡ ንደቡብ ኮርያ ብደቂቕ ንምክትታል እትሕግዞ ሓዳስ ሳተላይት ንምምዕባል ፈተነታት የካይድ ከምዘሎ ምግላጹ ዝዝከር እዩ።

## ቻይና፡ ንወጻእተኛታት ዶባታ ትኸፍት

ቻይና ኣብ ዝመጽእ 8 ጥሪ ካብ ኩሉ ክፋል ዓለም ንዝመጽኡ ወጻእተኛ ብዘይ ወሸባ ናብ መሬታ ክኣትዉ ከምእተፍቅድ ሰበ-መዚ ናይ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ቻይና ብሰንኪ ለበዳ ኮሮና-ቫይረስ፡ ዳርጋ ንሰለስተ ዓመታት ዝኣክል ዶባታ ዕጽያ ከምዝጸንሐት፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ግን፡ ንኸሉ ቅጥዕታት ጸረ-ኮቪድ 19 ብምፍኳስ ናጻ ምንቅስቓስ ከተፍቅድ ምዃና እያ ሓቢራ ዘላ።

እዚ ከኣ እቲ ቻይና ክትክተሎ ዝጸንሐት ፖሊሲ ዜሮ መልከፍቲ ኮሮና-ቫይረስ ዝልወጠሉ እዋን ከምዝኣኸለ ዘርኢ ምዃኑ እየም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝገልጹ።

እንተኾነ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ቀጽሪ መልከፍቲ ቫይረስ ኮሮና ኣብ ቻይና ብተዓጻጻፊ ይወሰኽ ከምዘሎን ሆስፒታላት እታ ሃገር'ውን ካብ ዓቕን ንላዕሊ ብሕሙማት መሊአን ከምዘለዋን እየም ጸብጻብት ዝጠቐሱ።

ኣብ ቻይና መዓልታዊ ኣስታት 4 ሽሕ ሓደሽ መልከፍቲ ይምዝገብ ከምዘሎን ካብኣቶም ቀጽሮም ዘይተነጸረ ኣብ ናይ ሽምግልና ዕድመ ዝርከቡ ብዙሓት ኣረጋውያን ይሞቱ ከምዘለዉን እየም፡ እቶም ጸብጻብት ብዝተወሳኺ ዝጠቐሱ።

ካብ መጀመርታ መጋቢት 2020 ኣትሒዙ ኩሉም ናብ ቻይና ዝኣትዉ ሰባት ንሰለስተ ቕነ ክውሸቡ ግዴታ ምንባሩ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብዚ ቀረባ እዋናት ግን እቲ ወሸባ ናብ 5 መዓልታት ከምዝነከየ ይግለጽ።




## ኣብ ፊሊፒንስ፡ ብዕልቕልቕ 13 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ደቡባዊ ክፋል ፊሊፒንስ ብሰንኪ ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ዝናብ ዘስዓቦ ሓደጋታት ዕልቕልቕ ኣብ ሰብን ንብረትን ከቢድ ጉድኣት ከምዘውረደ ካብታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

በቲ ዕልቕልቕ ዛጊት 13 ሰባት ከምዝሞቱ ክረጋገጽ እንከሎ፡ ካልኦት 23 ድማ ደሃዮም ከምዝጠፍአ ሰበ መዚ ናይ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ኣብ ፍሊፒንስ፡ ኣብ ቀንያት ልደትን ሓድሽ ዓመትን ብቐጻሊ ዝዘንም ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ንኣስታት 166 ሽሕ ሰባት ብኣሉታ ጸልዩ ከምዘሎን፡ ካብ ቤት-ንብረቶም ዝተመዛበሉ ብውሑዱ 45 ሽሕ ሰባት ድማ ኣብ ግዚያዊ መዕቆቢ ከምዝርከቡን ተፈሊጡ።

ብዝተወሳኺ፡ ብሰንኪ እቲ ዘስዓበ ሓደጋ፡ ሰፊሕ ከባቢታት ናይ'ታ ሃገር ብዘይ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ተሪፉ ከምዘሎ፡ ቀንዲ ጽርግያታት ናይ ዝተፈላለያ ከተማታትን ዓድታትን እውን ብማይ ኣዕለቕሊቑ ካብ ስራሕ ወጻኢ ኮይኑ ከምዘሎ ማዕከናት ዜና ናይ'ታ ሃገር ኣቃሊሐን።

ድሕሪቲ ሓደጋ፡ ብዙሓት ዘለዎም ኣባላት ሲቪላዊ ድሕነትን ኣባላት ሓይሊ ባሕርን፡ ኣብ ምድሓን እዞም ጠፊኦም ዘለዉ ሰባት ተዋፊሮም ከምዘለዉ ክፍለጥ እንከሎ፡ እቲ ዝዘንም ዘሎ ብርቱዕ ዝናብ ብዘይምቍራጹ ነቲ ስራሕ ይዕንቅፎ ምህላዉ ተሓቢሩ። እቲ ዕልቕልቕ እናኸፍአ ክመጽእ ከምዝኽእል፡ ዜጋታት ጥንቃቐታቶም ከሐይሉን ናብ ገማግም ባሕሪ ካብ ምኻድ ክቖጠቡን ክኢላታት ሜትዮሮሎጂ ፊሊፒንስ ይጽውዑ ኣለዉ።

መብዝሕትኦም ካብቶም ጠፊኦም ዘለዉ ግዳያት፡ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ምግፋፍ ዓሳ ዝተዋፈሩ ፊሊፒናውያን ምዃኖም ዝሓበሩ ኣባላት ሲቪላዊ ድሕነት ናይ'ታ ሃገር፡ ነቲ ዝተዋህበ መጠንቀቕታ ዕሽሽ ብምባል መዓልታዊ ንጥፈታቶም ንምክያድ ናብቲ ባሕሪ ምኻዶም ዒቢ ጌጋ ከምዝፈጸሙ እዮም ዘረድኡ።

ዝሓለፈ ወርሒ እውን ኣብታ ሃገር ብዘጋጠመ ተመሳሳሊ ሓደጋ፡ 61 ሰባት ከምዝሞቱ ክሕበር እንከሎ፡ ካልኦት 17 ድማ ክሳብ ሕጂ ደሃዮም ከምዘይተረኽበ ጸብጻብት የረድኡ።



## ሰራዊት ሰርብያ ኣብ ዶባት ኮሶቮ ተዋፊሩ

ሰራዊት ሰርብያ፡ ኣብቲ ምስ ኮሶቮ ዘራኽብ ዶባት ኣብ ልዑል ምድላዋት ናይ ኩናት ከምዝርከብ፡ ላዕለዎት ሰብ-መዚ ናይ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ፕረዚደንት ሰርብያ ኣሌክሳንደር ቩቺች፡ ሰራዊት ሃገሩ ኣብቲ ዝለዓለ ተጠንቀቕ ክጸንሕ ትእዛዝ ከምዝመሓላለፈ ዝገለጸ ሚኒስተር ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይ'ታ ሃገር ማይሎሻ ቩቸቪች፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ቍጽሪ ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ናይ'ታ ሃገር ካብ 1,500 ናብ 5,000 ክብ ኢሉ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

ኣብ ኮሶቮ ንዝርከቡ ሰርብያውያን ምክልኻልን ምድሓንን ዘድሊ ስጉምቲታት ምውሳድ ግቡኦም ምዃኑ ዝሓበረ ቀዳማይ ሚኒስተር ሰርብያ ብራታይስላቭ ጋሲች፡ ኣባላት ጸጥታን ፖሊስን እውን ምድላዋቶም ከሐይሉ ጸዊዑ።

ኣብ መንጎ ሰርብያን ኮሶቮን ተኸሲቱ ዘሎ ወጥሪ ብዝለዓለ መልክዑ እናቖጸለ ክመጽእ ምጽንሑ ዝጠቐሱ ጸብጻብት፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ተፈጢሩ ዝሎ ፍልልያት ከጽብብ ይፍትን ምህላዉ ይንገር።

እንተኾነ ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት፡ ሕብረት ኤውሮጳ ንሰራዊት ሰርብያን ኮሶቮን ንምርድዳእ ዝወጠኖ መደብ ምፍሻሉ ዘይርሳዕ እዩ።

ሰብ-ስልጣን ኮሶቮ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ንየቶም ናይ ሰርብያ ቁጽሪ ሰሌዳ ዝሓዘ መራሕቲ ማካይን ናብ ናይ ኮሶቮ ቁጽሪ ሰሌዳ ክቕይርዎ እንተዘይኮይኑ ድማ ካብ ምንቅስቓስ ደው ክብሉ ትእዛዝ ከምዝመሓላለፉ ዝዝከር እዩ።

ብሰንኩ ድማ ምስቶም ኣብ ኮሶቮ ውሑድ ቍጽሪ ዘለዎም ዓሌት ሰርብያ ኣብ ከቢድ ወጥሪ ምጽንሖም'ዩ ክሕበር ጸኒሑ።

ብዙሓት ኣልባናውያን ዝቕመጡላ ኮሶቮ ኣብ 1999 እኳ ካብ ሰርብያ እንተተፈልየት፡ ሰርብያ ግን ንኮሶቮ ክሳብ ሕጂ ከም ናጻ ሃገር ኣፍልጦ ከምዘይሃበታ ጸብጻብት የመልክቱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኣሸፋእ | 28/12/2022 | ጎደና ኪልዓው ቁ.57 ኣኽሪያኮባቢ እንዳ ዓሊ በሺት | 07157709 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565